# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.99 | ሓሙስ 25 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና

ገጽ 3 ተፈጥሮኣዊ ጸጋን ምዕባለን



ገጽ 4 ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ፡



ገጽ 10 ሌላ ምስ ሓውሲ ከተማ ማይምነ



ገጽ 11 ጋንታ ኣሎምፒክ መንእሰያት ተመሊሳ




# ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ግቡእ ክንክንን ምክትታልን ክግበረሉ ጻውዒት ቀረበ

ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ብ23 ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ኣብ ዘካየዶ ገምጋም ስራሕ 2025፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ብሓፈሻ ዝተተኽሉ ፈልሲታትን ድማ ብፍላይ ግቡእ ክንክንን ምክትታልን ክግበረሉ ጸዊዖም።

ኣብ ዞባታት ዝተዋፈሩ ወኪልቲ ኣብ ዘቕረብዎ ጸብጻባት፡ ኣብ ምፍዋስ ማይ-ከዕቓታት፣ ብርሰት ኣግራብን ዝተኻየደ ቁጽጽራዊ ስርሓትን፣ ንዘበርስ ንምትካእ ዝተሰላሰለ ንጥፈታትን ኣብ ልዕሊ ኣብረስቲ ዝተወስደ ሕጋዊ ስጉምትን፣ ምድላው ፈልሲታትን ኽሲጋሱን፣ ከምኡ'ውን ቀጻልነት ህላወ እንስሳ ዘገዳም ንምውሓስ ዝተኻየደ ስርሓት ዝምልከት ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቦም።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻባት፡ ኣብ 2025 ኣብ 34 መደበራት ፈልሲ ካብ ዝተዳለወ ልዕሊ 7.4 ሚልዮን ፈልሲታት እቲ 80 ሚእታዊት ከምእተተኽለ፣ ካብ'ቲ ዝተተኽለ ድማ ኣስታት 96 ሚእታዊት ከምዝጸደቐ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ንመደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝምልከት ድማ፡ ልዕሊ 2 ሽሕ ኪሎ-



ሜትሮን 500 ሄክታርን ሓደሽ ቅናታዊ ዛላታት ክስራሕ ኪሎ ልዕሊ 510 ኪሎ-ሜትር ከምእተጸገነ፣ ከምኡ'ውን ልዕሊ 89 ሽሕ ሜትሮ ከቦ ሓደሽ ከትሪ ከምእተሰርሐን ልዕሊ 8 ሽሕ ሜትሮ ከቦ ከምእተጸገነን ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ እንስሳ ዘገዳም ንምስሳን ንዝተዓመን ዓቕሚ-ሰብ ንምምዕባል ንዝተወደበ ስልጠናታትን ዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ምርኩስ ብምግባር ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኣብ መጻኢ ንዝትግበር መደባት ዝሕግዝ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኮሎኔል ክንፈ ሃብቶም ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ዕቃበን ምስሳንን ሃብቲ ገረብ - ኣብ ርእሲ'ቲ ሃብታም ትሕዝቶ መሬት ንምዕቃብን ንምርጋእን ዘሀልዎ ግደ፡ ኣብ ምስሳን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ልዑል ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ተበጊሪሶም ዘለዉ መደባት ሓምላይ ወፍሪ ብዝተወደበ መልክዕ ክቕጽሉ ኣዘኻኺሩ።

ኮሎኔል ክንፈ ኣስዒቡ፡ ሓደጋ ምጽናት ኣንጸላልዩዎም ዝርከቡ እንስሳታት ዘገዳም ቀጻልነቶም ንኸውሓሱ፡ ምብራስ ኣግራብ ንምግታእ ዝካየድ ጻዕሪ ክሕየልን ኣብ ልዕሊ ኣብረስቲ ተረር ስጉምቲ ክውሰድን፣ ሓለፋ ዝርአ ተጻብኦታት እንስሳ ዘገዳም ኣብ ልዕሊ ሰብ ድማ መጽናዕቲ ክካየደሉ ብምልባው፡ ንቑሕ ተራ ሕብረተሰብ ክዓዝዝ ተላቢዩ።

# ማእከል - መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ንምሕያል ዓውደ-ዘተ ተቓኒዑ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ንምሕያልን ምስፋሕን ዝዓለመ ዓውደ-ዘተ፡ ብ23ን 24ን ታሕሳስ ኣብ ኣስመራ ተቓኒዑ።

ኣብ'ቲ ሓለፍቲ ምምሕዳር ዞባን ንኡሳን ዞባታትን ከምኡ'ውን ናይ ስራሕ መሻርኽቲ ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ ካብ 2000 ክሳብ 2015 ንዘበረ ኽሲጋስ መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዝምልከት ጸብጻብ፡ ብሓለፍቲ ኣብያተ-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ ንኡሳን ዞባታት በርኽ፡ ሰረጀቓን ጋላነፍሒን ከምኡ'ውን ምምሕዳር ከበቢ ደርፎ ቀሪቡ።

ጸብጻብ ኽሲጋስ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ብደረጃ ዞባ ዘቕረበ መምህር ጊላዝጊ በርሀ ድማ፡ ብመሰረት ኣብ 2008 ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ መጠን ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ዞባ ማእከል ልዕሊ 87 ሚእታዊት ከምዝነበረ፣ ካብ 2009 ክሳብ 2015 ብዝተኻየደ መስርሕ ምምሃርን ምጽፋፍን ድማ እቲ መጠን ናብ ልዕሊ 95 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር በላይ ሃብተጋብር ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መሃይምነት ዘጥፍኡ ዜጋታት ንኸይጥፍኡ፣ መሃይምነት ዘጥፍኡ ድማ ብምሽታዊ ትምህርቲ ከምዝቕጽሉ ንምግባር፡ ተራ ኣመሓደርቲ ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ጨንፈር ምምዕባልን ምውጣንን ካሪኩለም ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣቶ ተኽላብ ኣይመት ድማ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ህልው ኩነታትን ኣተሓሕዛን መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ንምርዳእ፣ ብዝተፈለለ ደርኽት ብወሃይት ንስራሕ ንምብጋስ፣ ትምህርቲ ንዓበይቲ ምስ ኣጉዳሉ ዝዳረግ ኣተሓሕዛን ግቡእ ቁላሕታን ንኽረኽብ፣ ከምኡ'ውን ቀዳምነታት ብምልላይ ናይ 5 ዓመት ውጥን ስራሕ ብምድላው ንትግበራኡ ብዙሓሽ ኣገባብ ንምስራሕ



ስእሊ. ሮቤል መሓሪ

ምዃኑ ኣብሪሁ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይትን ሚድያን ኣቶ ጉብረዝጊ ድማም ብወገኑ፡ መምርሒታት ትምህርቲ ንዓበይቲ ንምምሕያሽ ንዘቐረበ ርእይቶ ብምምስጋን፡ ኣብ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ሞያዊ ስልጠናታትን ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝን ንምትእትታው ከምዝሰራሓሉ ኣፍሊጡ።

## ካፒተን መርሃዊ ቀለታ ተሰዊኡ

ገዲም ተጋዳላይ ካፒተን መርሃዊ ቀለታ መንሰዓይ፡ ብ23 ታሕሳስ ኣብ መበል 68 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ መርሃዊ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ



- ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ኣጸዋርን ሰታፍ ኢምዳድን ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት መዚኡ፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣመሓዳሪ ሆስፒታል ዓሰብ ከምኡ'ውን ኣብ ማእከል ሃገራዊ ኣገልግሎት ሓላፊ ሎጂስቲክስ ብምዃኑ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ሰወእ ካፒተን መርሃዊ ቀለታ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቅንዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ ረቡዕ 24 ታሕሳስ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ካፒቴን መርሃዊ ቀለታ መንሰዓይ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምኝ።

# ኣፍዓበት - ንጽጉማት ስድራ-ቤታት ጨቓዊት ተዓዲሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ መነባብሮ ጽጉማት ስድራ-ቤታት ንምምሕያሽ ብዙሓደድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ጨቓዊት ተዓዲሉ።

ካብ'ቲ ጨቓዊት፡ እቲ 86 ማእታዊት ንደቂኣንስትዮ ከምእተዓደለ ተፈሊጡ።

ኣቐዲሙ፡ ኣብ ኣገባብት ምርባሕን ኣመጋግባን ደርሁ፣ ሰፈር ደርሁን ክግበረሉ ዘለዎ ክንክንን ጽሬትን፣ ሚላታት ምክልኻል ሕማማትን ባልዓትን. . . ወዘተ ዘተኩረ ኣስተምህሮ ንተጠቀምቲ ከምእተዋህበ ወኪል ኤሬና ሓቢሩ።

ካብ ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ



ኣፍዓበት መንእሰይ ዓብደልራሕማን ያዕቆብን ክኢላ ምርባሕ እንስሳ ወ/ሮ ቢይዳ ዑስማንን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ምርባሕ ደርሁ ኣካል ንኡስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ከምዝኾነ ጠቒሶም፡ ኣብ ምምላእ መኣዝዊ መግቢ ስድራ-ቤት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ሓቢሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ብዛዕባ መፍረ ደርሁ ንሓረስቶት ገጠራውያን ስልጠናታትን ተዋሂቡ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ኣብ 12 ምምሕዳራት ከባቢ ልዕሊ 16,000 ናይ ገደና ደርሁ ከምዘለዋ፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

# ባጽዕ - ብዛዕባ ምሕደራን መሪሕነትን ስልጠና ተዋሂቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ባጽዑ ንኣሽቱ ሓደ ወርሒ ኣብ ዝቐጸለ ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ዝተሳተፉ 72 መንእሰያት፡ ብ23 ታሕሳስ ተመረቑ።

እቲ ስልጠና፡ ምሕደራን መሪሕነትን፡ ውልቃዊ ዕብየት፡ ክእለት ምብህሃል፡ መካቓቕሒ ንጥፈታት ክለብት፡ ከምኡ'ውን ኣምር ጋንታን ሓብራዊ ዕዮን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ዳዊት ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ናይ'ቲ ስልጠና፡ ብቑዓት መንእሰያት ብሓፈሻ ናይ ተመሃሮ ድማ ብፍላይ ንምሕያል ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ እቲ መደብ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ መልክዑ ክቕጽል ምዃኑ ኣፊሩ።

ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን ሃማመተኤ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ መንእሰይ ሱሌማን የሱፍ ብወገኑ፡ ነቲ መደብ ኮማዊ ስራሕ ንምትሓዛን ንምሕያልን ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ብቐረባ ክስራሓሉ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ንኡስ ዞባ ባጽዕ ኣብ 2025 ዘሰላሰሎ ንጥፈታት ብምግምጋም፡ ኣብ መደባት ስራሕ 2026 ከምዝዘተዩ፡ ወኪል ኤሬና ሓቢሩ።



ስእሊ. ኢብራሂም ዑመር

# ሓመልማሎ - ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ይውስኽ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ እናበረኸ ብምምጽኡ፥ ተሳታፍነት ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ይውስኽ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ጃብር ኢብራሂም ንኤሬና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ኣሃዝ ካብ መባእታ ክሳብ 2ይ ደረጃ እናዓበየ ብምምጻኡ፡ ሎሚ ዓመት ናብ 10,317 በጺሑ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ምስ'ዚ ብምትእስሳር፡ ኣቐዲማ ሓንቲ ዝነበረት ናይ 2ይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ 3 ከምዝበጽሓን ንተመሃሮ ዘጋጥም ዝነበረ ጸገማት ከምእተቓለለን ሓቢሩ።

መምህር ጃብር ወሲኹ፥ ዕቤት ቁጽሪ ተመሃሮ ሓደ ካብ መርኣያታት ኹነታት ትምህርቲ እኳ እንተኾነ፡ ትምህርቲ ብዓይነት ንምልዋጥ ዝተርፍ ብዙሕ ስለዘሎ፡ ምሕያል ስሉሳዊ ዝምድና ብዝለዓለ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ኣፍሊጡ።

ሎሚ ዓመት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ንምዕባይ ብዝወሰድ ዘሎ ስጉምትታት፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ 28 ኣቑጣታት ቅድመ-ትምህርቲ ተዘርጊሐን ቁጽሪ ተሳተፍቲ ካብ 600 ናብ 1600 ከምዝዓበየ ኣረዲኡ።

ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ'ውን ምምሕያሽ የርኢ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣብ 4ይ፡ 5ይ፡ 8ይን 11ን ክፍሊ ብፍላይ ዝወሃብ ተወሳኺ ደገፍ ትምህርቲ፡ ዝምስገን ውጽኢት ደርኪቡ ከምዘሎ ኣዘኪሩ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሓመልማሎ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ስሩዕ ኣገልግሎት ዝህባ 56 ትካላት ትምህርቲ ኣለዋ።

# ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


# ቀዳማይ ገጽ ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ ዓዲ-ቐይሕ - ጸሮና ተዛዚሙ

ካብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ናብ ጸሮና ዝዝርጋሕ መስመር ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ ቀዳማይ ገጹ ከምእተዛዘመ ተሓቢሩ።

ዛጊት ተሰላሲሉ ብዘሎ ስራሕ፡ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ካብ ዝርከብ መከፋፈሊ ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ ኣብ ን/ዞባታት ዓዲ-ቐይሕ፡ ሰንዓፈን ሰንዓፈን ዝርከብ ሓያሎ ዓድታት ተጠቀምቲ ኮይነን ኣለዋ።

ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ ድማ፡ ካብ'ቲ መከፋፈሊ ተበጊሱ ንዓድታት ተገረ፡ ኢንዶ፡ ማይ-ጻዕዳ፡ ሕረትን ዓዲ-ለኻን ሰንጢቑ ናብ ጸሮና ዝኣቱ ቀዳማይ ገጽ ላዕለዋይ መስመር ከምእተዛዘመ፡ ነቲ ስራሕ ዝዓመ ዘለዉ ኣባላት ኮርፖረሽን ኤለክትሪክ ገሊጾም።

ንሱዩም ኣስዒቦም፡ ምትካል ዓንድታትን ምውጣር ገመድ ኤለክትሪክን ተዛዚሙ፡ የማኡጽጋም ንዝርከብ ዓድታት ዘገልግል ምትካል ንኣሽቱ ዓንድታት ናብ ዘጠቓልል 2ይ ገጽ ኣትዮም ከምዘለዉ ሓቢሮም።

ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ዝርከብ መከፋፈሊ ሓይሊ ኤለክትሪክ፡ ንኣርባዕተ ንኡሳን ዞባታት ማለት ሰንዓፈ፡ ዓዲ-ቐይሕ፡ ጸሮናን ማይዓይኒን ኣገልግሎት ክህብ ዝተዋደደ'ዩ።

# መንደፈራ - ንቐሓት ሕ/ሰብ ኣብ ምክልኻል ባርዕ ክብ ክብል ጻውዒት ቀሪቡ

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ካፕተን ሃብቱ ወልዳይ፡ ንቕሓት ተራ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻልን ምቍጽጻርን ሓደጋ ባርዕ ክብ ክብል ተማሕጺኑ።

ምስ'ቲ ብ19 ታሕሳስ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ከተማ መንደፈራ - ከባቢ ዕዳጋ ብዕራይ ተባሂሉ ዝፍለጥ ገዛውቲ ዝተኸስተ ሓደጋ ባርዕ ኣተሓሒዙ ኣብ ዘቕረቦ ጻውዒት፡ ሕብረተሰብ ኣብ ዝጥቀመሉም ኤሌትሮኒካዊ መሳርሒታት ዕቱብ ጥንቃቐ ክዘውትርን ሽለልትነት ከወግድን ኣዘኻኺሩ።

ካፕቴን ሃብቱ፡ እቲ ሓደጋ ባርዕ ብገዝዛዘበን ንዋትን ክያምም ከሎ ክቢድ ዕንወት ከምዘውረደ ብምሕባር፡ ነቲ ዕንወት ካብ ዘጋደዱ ምኽንያታት፡ እቲ ከባቢ መጥፋእቲ ሓዊ መኪና ክትኣትዎ ስለ ዘጸገመ ምዃኑ'ዩ ኣዘኪሩ።

መርማሪ ገበን ኣቶ የማነ በርሀ ብወገኑ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ምልሕጻጽ ገመድ ኤለክትሪክ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ኣርባዕተ ኣባይቲ ምስ ምሉእ ንብረቱ ከምእተቓጸለ ሓቢሩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ቴክ ኢንሳይት |
| 15:00 | ዶክመንታሪ |
| 15:30 | ፓናሮማ |
| 16:10 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19:15 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም “ክብረት” |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም “ፈቅንል” |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲትኮም |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፈት ሓጎስ

# ተፈጥሮኣዊ ጸጋን ምዕባለን

<u>ሳልሳይን መወዳእታን ክፋል</u>

ኣብ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ፡ ምዕብላት ሃገራት ኣፍሪቃውያን ተጠቀምትን ዝተፈላለየ ማዕድናት ምኽንን ተመልኪቱ ነይሩ። እተን ዘይብለን ወይ’ውን እቲ ዘፍርያኦ ዘይኣኽለን ድማ ኣብ ቀረብ ካልኦት ሃገራት ከም ዝምርኮሳ ተጠቒሱ። እቲ ተመርኳሲት ንቑጠባውን ድሕነታውን ኩነታት ናይተን ሃገራት ወሲ ግን ከኣ ሰንከፍ ናይ ቀረብ ሰንሰለት ዘለዎ ምስ ዝኸውን እተን ሃገራት ኑቲ ጉዳይ ብዕቱብ ከምዝሕዝኦ ተገሊጹ። ብሓፈሻ፡ ቀረብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ እንተስ ብትዕድልቲ ኣብ ክሊ ልኡላዊ ዋንነትካ ዝርከብ ኮይኑ፡ እንተስ ናይ ቀረቡ ሰንሰለት ኣብ ትሕቲ ጽልዋኻ ብምእታው ወይ’ውን ኣብ ትሕቲ ጽልዋ መቖናቖንትኻ ዘየና ሃገራትን ሓይልታትን ከምዝይኣቱ ብምግባር ከተውሕስ ምኽኣል ቀንዲ ዕማም ናይዚ እዋን ኮይኑ ይርከብ። ዝሒ ሹቶ ንምውቃዕ ድማ ሃገራት ወሰንቲ ናይ ዝብልኦ ማዕድናት መዝገብ ኣዳልየን ንትግባረኡ ከምዝርሓ ተመልኪትና ነይርና።

**“ማእከላይ ምብራቕ ነዳዲ ኣለዎ፡ ቻይና ከኣ ብርቂ ማዕድናት ኣለዋ” ደንግ ሸውፒን (1992)**

ቻይና፡ ኣብ ተክኖሎጂ ንጹህ ወይ ብኩላ ዘይብሉ ዝበዝል ጸዓት ከም ቀንዲ ሓይሊ ክትብርኽ ካብ ዘኽኣላ ረቛሒ ዘለዋ ዕቑር ተፈጥሮኣዊ ጺጋ’ዩ። ዓለምና ካብ ዘለዋ ዕቑር ጸጋ ብርቂ-ማዕድናት እቲ ሓደሰሶ ኣብ ቻይና ይርከብ። እዚ ብራኹ መርኣያ ናይቲ ንዊሕ እዋን ኣተኩሩ ዝተተለመ ኢንዱስትርያዊ ፖሊስን ናይ ምትግባር ዓቕሚ ቻይናን ምኻኑ’ውን ይገለጾ’ዩ። ቻይና፡ ኣድላዪ ትብሎ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ ምስ ዘይህልዋ ድማ ኣብ ካልእ ሃገር ኣብ ዝርከብ ናይ ዕደና ፕሮጀክትታት ወፍሪ ተካይድ። ንኣብነት ኣስታት 60 ሚእታዊት ኮባልት ካብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ይመጽእ። ውሑስን ርጉእን ቀረብ ንምርግጋጽ ድማ ኩባንያታት ቻይና ኣብ ናይ ኮባልት ዕደናን ኣብ ፕሮጀክትታት ምምጻእ ኮባልትን ወፍሪ ይገብራ። ኣብ ማስርሒ ምጽራይ ኮባልት’ውን እንተኾነ እቲ 72 ሚእታዊት ብቻይና እዩ ዝፍጸም። ሰለስተ-ርብዒ ናይቲ ኮባልት ኣብ ምፍራይ ሊትየም-ኣዮን ባትሪ እዩ ዝውዕል። በዚ መገዲ ድማ ቻይና ተህልኾ መጠን ኮባልት ርኡይን ቀጻልን ዕቤት የርኢ ኣሎ። ቻይና፡ ሊትየም ካብ ዘፍርያ ሓምሽተ ሃገራት ሓንቲ’ኳ እንተዘይኮነት 60 ሚእታዊት ማስርሒ ምጽራይ ሊትየም ግና ኣብ ቻይና እዩ ዝካየድ። ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ ድማ ቻይና ኣብ ሰንሰለታዊ ቀረብ ናይ ወሰንቲ ማዕድናት ዓብላሊ ቦታ ዘለዋ ሃገር’ያ።

ቻይና፡ ኑቲ ኣብ ፋብሪካታታ ዝተጻረየ ማዕድናት ተጠቒማ ዝተፈላለየ ናውቲ ኣብ ምፍራይ’ውን መሪሕ ተራ ኣለዋ። ንኣብነት፡ ጸሓይ ጸዓት ኣብ ምምንጫው ዘገልግሉ ኣቑሑ ኣብ ምፍራይ ዘለዋ ቦታ ኣዝዩ ግሉሕ’ዩ። ጹሓያዊ ጸዓት ኣብ ምምንጫው ዘድልዩ ኣቑሑ ከም ኣብነት እንተወሰድና ልዕሊ 90 ሚእታዊት ‘ዋፈራት’ ኣብ ቻይና ይፈራ። ክልተ-ሰሶ ናይ ‘ፖሊሲሊኮን’ ከምኡ’ውን 72 ሚእታዊት ፓነላት ብቻይናውያን ኩባንያታት (ዝተደኮናሉ ቦታ ብዘየገድስ) ይፈራ። ኣብ ዓውዲ ሊትየም-ኣዮን ባትሪ እንተረኣና’ውን ቻይና ቀንዲ ኣካላት ናይቲ ባትሪ ኣብ ምፍራይ ዝለዓለ ኢድ ኣለዋ። 52 ሚእታዊት ናይ ካቶድ፡ 78 ሚእታዊት ናይ ኣኖድ፡ 66 ሚእታዊት ናይ መፈላለዪ (ሰፐራተር) ከምኡ’ውን 62 ሚእታዊት ናይቲ ኤለክትሪክ ዘመሓላልፍ ኣካል (ኤለክትሮላይት) ተፍራ። ኣብ ዓለም ካብ ዝፈሪ ባትሪ እቲ 80 ሚእታዊት ቻይና ተፍርዮ። ኣብ ናይ ንፋስ ተርባይናት ድማ ዓብላሊ ተራ ዋላ ኣይሃልዋ ፍርቂ ናይቲ ንተርባይናት ዘድሊ ዝተፈላለዩ ኣካላት ኣብ ቻይና ይፈራ።

እቲ ካብ 1986 ክሳዕ 1990 ዝተተግበረ ሻብዓይ ናይ ሓምሽተ ዓመት ሃገራዊ ወጥን ኣብ ኢንዱስትሪ ብርቂ ማዕድናት ዘተኩረ ብምንባሩ ስትራተጂያውን ኢንዱስትርያውን ጥቕሚ ናይዞም ማዕድናት እንተውሓደ ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ከምዝተሰልየ ዘመልክት’ዩ። ኣብቲ ወጥን ቀዳምነት ካብ ዝተዋህቦ ጉዳያት ድማ ኣብ ብርቂ-ማዕድናት ሓደስቲ ጥረ-ነገራትን (ቀወምቲ ማግኔትን ላዘራትን) ምዕቡል ምርምር ክካየድ ዝብል’ዩ። ኣብ ምምጻእ ብርቂ-ማዕድናት ዘገልግል ምዕቡል ተክኖሎጂን ማሽነሪታትን ዝኸእሉ ናይ ወጻኢ ወፍሪ ኣብ ምትብባዕ ብመንግስቲ ቻይና ዝተወሰደ ውሳነ ከኣ ኣብ ዕቤት ናይቲ ዕደና ዓቢ ድርኺት ፈጢሩ’ዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ቻይና ብመንግስቲ ዝምወል ምርምርን ምምዕባልን ዓዚዙ። ኣብ 1985፡ ኣብ ዕደና፡ ምምጻእን ጥቕምን ብርቂ-ማዕድናት ዘተኩር ናይ ምርምር ፕሮጀክትታት ዘሰላስል ልዕሊ ሰለስተ ሚእቲ ናይ መጽናዕቲ ኢንስቲትዩትን ናይ ዩኒቨርሲቲ ማእከላት ምርምርን ነይረን። ቻይና፡ ኣብ ብርቂ-ማዕድናት መሰል ዋንነት ክወሃባ ናይ ዘመልከተቶ ቁጽሪ ካብ ድምር ቁጽሪ ናይቲ ብኻልኦት ሃገራት ዝቐረበ ይዓብ። ብዙሓት ናይ ወጻኢ ኩባንያታት ድማ ኣብ ቻይና ካብ ዝበረ ትሑት ዝመጠኑ ክፍሊት ናይ ማዕድናትን ቀረብ ጥረነገራትን ምእንቲ ክረብሓ ናብኡ ሳጊመን። ቻይና ድማ በቲ ናብኣ ዝተሰጋገረ ተክኖሎጂ ተኻሒሳ።

ካልእ ቻይና ዘተግበረቶ ፖሊሲ፡ ኣብ መጠን ሰደድን ፍርያትን ናይ ብርቂ-ማዕድናት ኮታ ምግባር’ዩ። ኣቃውማ ናይቲ ኣብ 1999 ዝጀመረቶ ኣገባብ ድማ ኣብቲ ማዕድናት ልዑል ክብሪ ንዘድምራ ፋብሪካታት ዘተዓብዕ ነበረ። ኣብ 2014 ግና ብኣመሪካ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ጃፓንን ዝቐረበ ኣብ ብርቂ-ማዕድናት፡ ታንግስተንን ከምኡ’ውን ሞሊብደንየም ብቻይና




ዝትግበር ቀረጽን ኮታን ንሕግታት ዓለማዊ ውድብ ንግድ ዝጥሕስ ምኻኑ እቲ ውድብ ስለዝተሰማምዓሉ ቻይና ከተቋርጾ ተገደደት።

እቲ ኣብ 2015 ተበጊሱ፡ ኣብዛ ዓመት ዝበቅዐ ናይ ቻይና ናይ ማሰነዕ ዓቕሚ ንምዕባይ ዝዓለመ ተበግሶ “ቻይና 2025” መንግስታዊ ደገፍ ንኽረኽብ ቀዳምነት ካብ ዝሃበን 10 ኢንዱስትሪታት ምፍራይ “ሓደስቲ ንጥረ-ነገራት” እዩ። ምምዕባል ናይዚ ሓደስቲ ንጥረ-ነገራት ዘፍሪ ኢንዱስትሪ ድማ ኣብ ምዕባለ ካልኦት ትሸኖት ናይ ማሰነዕ ዓውዲ ንኣብነት ብኤለክትሪክ ኣብ ዝሰርሓ ተሽከርከርቲ፡ ኣብ ሓደስቲ ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጂታትን ኣብ ኢንዱስትሪ ጠፈርን-ህዋን ወሲ መሰረት’ዩ። ቻይና ኣብ ተክኖሎጂ ዘለዋ ናይ ምህዞ ዓቕሚ ክሳዕ 2035 ክቐጽል ተኽእሎ ኣሎዎ።

ቻይናውን እንተኾነት ኣብ ቀረብ ማዕድናት ከጋጥም ንዝኽእል ከልፈት (ዲስራፕሽን) ዝጻወር ዓቕምን ኣቃውማን ምእንቲ ክህልዋ ዝተፈላለየ ክእለት ከተማዕብል ኣገዳሲ ምኻኑ ኣብ ናይ 2016-2020 ‘ሃገራዊ ወጥን ማዕድናዊ ጸጋታት’ ኣጸሪሩ ኣሎ። ሓደ ካብኡ ንኢንዱስትሪ ብርቂ-ማዕድናት ዘገልግል ናይ መጠንቀቕታ ስርዓት-ሓበሬታ ምቛም’ዩ። እቲ ኣገባብ፡ ኢንዱስትሪ ብርቂ-ማዕድናት ንዝጥቀማሉ ናይ ቀረብ ሰንሰለት ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከጋጥሞ ካብ ዝኽእል ከልፈት ንምክልኻልን ኣብ ጠለብን ቀረብን ማዕድናዊ ፍርያት ዝተመሓየሸ ኣገባብ ትንተና ንምኽያድን ዝዓለመ’ዩ። ኣብ ጥቅምቲ 2020 ድማ ረቡሓኣን ጸጥታኣን ንምሕላው ሰደድ ናይ ዝተወሰኑ ኣቕሑ ከልኪሉ። ኣብ ጥሪ 2021፡ “ንውሕስነት ብርቂ-ማዕድናታ ዘራጉድ” ከምኡ’ውን “ኣብ ኢንዱስትርያዊ ሰንሰለታ ንዘለዎ ቁጽጽር ዘሐይል” ኣዋጅ ኣጽዲቓ። እቲ ሕጋጋት፡ ኣብ ዕደናን ምምስራሕን ማዕድናት ዝቖርብ ፕሮጀክትታት ፍቓድ ዝረኽቡሉ መስርሕ ከምኡ’ውን ንንግዲ ብርቂ-ማዕድናት ጸኒዑ ከምዝኸውን ዝገበረ’ዩ። እቲ ለውጥታት፡ ኣመሪካን ካልኦት ዓበይቲ ኢንዱስትርያውያን ሃገራት ኣብ ሰንሰለት ቀረብ ወሰንቲ ማዕድናት ንዘለወን ተቓላዕነት ንምንካይ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ምጅማረን ከምዝቐስቀሰ ዘንጸባርቕ ምኻኑ ይገልጽ።

እዚ ዘራጉድ ድማ ቻይና ኣብ ዕደና ተፍስሖ ዘላ ኣዝዩ ግዙፍ ዝኾነ መጠን ገንዘብ’ዩ። ኣብ 2024 ንኣብነት ኣብ ጂኦሎጂያዊ ዳህሳስ ጥራይ ናይ 16.3 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ወፍሪ ገይራ። እዚ ከኣ ንራብዓይ ግዜ ዝተመዝገበ ተኸታታሊ ዓመታዊ ዕቤት’ዩ። ኣብ ናይ 2025 ጸብጻብ ማዕድናዊ ጸጋታት ቻይና ተመልኪቱ ከምዝሎ ኣብዘን ዝሓለፉ ሓምሽተ ዓመታት (2021-2025) ጥራይ ኣብ ኢንዱስትርያውን ድሕነታውን መዳያ ቀዳምነት ናይ ዝዋሃቦም ወሰንቲ ማዕድናት ቀረብ ውሑስ ንምግባር ናይ 63 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ወፍሪ ኣካይዳ። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ወፍሪ ድማ ስትራተጂያውያን ኣብ ዝኾኑ ዘቤታውያን ማዕድናት ከምኡ’ውን ኣብ ሊትየም፡ ኑሓስን ንኮበሪ ዘድልዩ ወሰንቲ ማዕድናት ዘለዋ ቁጽጽር ንምድራዕ’ዩ። ኣብ 2024 ንኣብነት፡ 150 ሓደስቲ (49 ዓበይቲ፡ 54 ማእከሎት፡ 47 ንኣሽቱ) ናይ ዕደና ቦታታት ረኺባ ኣላ። እዚ ቻይና ተቐርቦ ዘላ ሓበሬታን ኣሃዛትን ተኣማንነት ዝጎድሎ’ዩ እኳ እንተዘይተባህለ ከም መርኣያ ናይ ዕዳጋ ግሉጽነት’ውን ክውሰድ ከምዝይከኣል ገለ ተንተንቲ ይገልጹ። ከም ኣብነኡውን ድማ እቲ ቀንዲ ዕላማ ቻይና ኣብ ዕደና ተካይዶ ዕዮ ይዝሕትል ዘይትሓስ ትካላዊ ይኸውን ምህላው መልእኽቲ ንምትሕልላፍ’ዩ ይብሉ። ኻሰ ወሰፍ ሓዳስ ቀን ናይ ብርቂ-ማዕድናት ወይ’ውን ሊትየም ንቻይና ኣብ ምውሳን ዓለምለኻዊ ዋጋታት ጽልዋ ክትፈጥረላ እኽላ ንኣመሓን መሓዙታን ድማ ሕማም-መርገዝን እያ ትኸውን።

ብሓፈሻ፡ ቻይና ኣስታት 40 ሚእታዊት ካብ ዓለማዊ ብጽሒት ናይ ወሰንቲ ማዕድናት ትውንን። ብኣንጻሩ ኣመሪካ ሓደ ሚእታዊት ናይ ብርቂ ማዕድናት ትውንን። ዕደና ናይ ብርቂ ማዕድናት ሓደ ክፋል ናይቲ ግድል’ዩ። ምኽንያቱ 85 ሚእታዊት መስርሒ ምጽራይ ናይዚ ሜታላት ብቻይና እዩ ዝካየድ። እቲ ዝርከቡ ብኣመሪካ ዝዕደን ብርቂ ማዕድናት’ውን እንተኾነ ንኽምስራሕ (ክጸረ) ናብ ቻይና እዩ ዝለኣኽ። እቲ ኣብ ካሊፎርንያ ዝመደቡ ዕደና’ውን ገለ ክፋሉ ብቻይናውያን ኣውፈርቲ እዩ ዝውነን።

“ኣብዚ እዋን ኣመሪካ ካብ ዘለዋ ተመርኳሰት እቲ ኣዝዩ ሓደገኛ ኣብ ወሰንቲ ማዕድናት ዘለዋ ተመርኳሰት’ዩ”

ኣመሪካ ነዚ ኩነት ከም ስግኣት ትግምቶ’ያ። ምስ ብርቂ ማዕድናት ዝተሓሓዘ ተመርኳሰታ ኣብ ቻይና ንምንካይ ድማ ፈተነታት ካብ ምክያድ ኣይበኾረትን። ገለ ሰተርት ኣብ ወተሃደራዊ ጸዓት ዝጥቀሙ ኩባንያታት ኣመሪካ ኣብ 2026 ናይ ቻይና ብርቂ ማዕድናት ምዕዳግ ደው ከብላ ዘገድድ ሕጊ ከተኣታትዉ ፈቲናም። ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ድማ ኑቲ ተመርኳሰት ንምንካይ ዕደና ብርቂ ማዕድናት ኣብ ኣውስትራልያ፡ ብሩንዲ ወይ ሚያንማር ንምምዕባል ካብ ነዊሕ ክዕድፍኦ ጸኒሑ’ዩ። እንተኾነ ቻይና ኣማዕቢላቶ ዘላ ናይ ምጽራይ ዓቕምን ብቕዓትን ንምብጻሕ ዘድሊ ግዜ ውሑድ ኣይኮነን። ኣመሪካ ኑቲ ዓቕሚ ንምድላብ ዘድሊ ግዜን ፋይናንሳዊ ወፍሪ ንምውሓስ ናይ ድጎማ መደባትን ካልእ መንግስታዊ ተበግሶታትን እኳ እንተኣተግበረት ግና ክትዕውተሉ ኣይክኣለትን ዘላ። እቲ ናይ ምዕዋት ተኽእሎ ብፍላይ ኣብዚ ሓጺር እዋን ትሑት ምኻኑ’ውን ገለ ፈላጣት ይእምቱ። ብሰንኩ ድማ ኣመሪካ ክትገብሮ ትኽእል ኣዝዩ ዝተወሰነ’ዩ፡ ቻይና ናብ ኣመሪካ ዝግበር ሰደድ ብርቂ ማዕድናት ምሉእ ብምሉእ ደው ከይተብሎ ምትሰፋው።

እዚ ተሰፋ ከኣ ፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ልዕሊ ቻይና ብዘወሰዶ ውሳኔታት ከምዝዝተበደሀ ዝገልጹ ውሑዳት ኣይኮኑን። እቲ ኣብ ወሰንቲ ማዕድናት ዘለዋ ዓብላልነት ድማ ኑቲ ብፕረዚደንት ትራምፕ ኣብ ልዕሊኣ ዝተወሰነ ናይ ታሪፍ እገዳታት ኣብ ምልዛብ ብምበእ ተጠቒምትሉ’ያ። እዚ ድማ ተወሳኺ መርኣያ ናይቲ ተፈጥሮኣዊ ጸጋ ንሃገራት ዝህበን ብልጫ’ዩ። ብኣጠቓላሊ፡ ኣብዚ እዋን ወሰንቲ ኣብ ዝተባህሉ ማዕድናት ተፈጢሩ ዘሎ ጠለብን ተጉዳስነትን ኣቐሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። እዚ ከኣ ነተን ኣብ ዝሓለፈ እዋን ካብ ተፈጥሮኣዊ ጸጋኣን ክረብሓን ምዕባለ ከረጋግጻን ዘይከኣላ ሃገራት ብፍላይ ድማ ኣፍሪቃውያን ወሲ ኩነት’ዩ። ሃገራት ኣፍሪቃ ዘለወን ወሰንቲ ማዕድናት ተጠቒመን ኣብ ምፍራይ እዋናዊ ተክኖሎጂ ክሳተፋ ዝበለጸ ሹቶ’ዩ። እዚ ካብ ዘይተኻእለ ድማ ኑቲ ዘውንንኦ ጸጋ ተጠቒመን ደምጸን ከስምዓን ናይ ምድርዳር ዓቕመን ከሐይላን ግዜኡ’ዩ። ኣውስትራልያ ከም ኣብነት እንተወሰድና መዝገብ ወሰንቲ ማዕድናታ ንዳኣ ብዘድልያ ማዕድናት ጥራይ ኣይኮነትን ተዳሊ። ካልኦት ሃገራት ኣብቲ ንሳ ትውንኖ ማዕድናት ዘለወን ተጉዳስነት’ውን ከም ረቛሒ ትጥቀመሉ’ያ። እዚ ከኣ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ግምት ክእትዋኦን ክሰርሓሉን ዝግብኦ ዕዮ እዩ።



# ሓሳባት

# ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ፤

**ሰራሕ ክፍለ**
**መበል 71 ክፋል**

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት፡ ሓደሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርክራሲን ዝበል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝቶኡ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ግምት ዝሃብ ምሕደራ ዓዲ ኣቦ ከምዝነበራ ጠቒስና ድማ፡ ከም ኣብኡ ካብ ዝተፈላለየ ሕግታት እንዳብ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቐሪብና ነይርና። ዕምምታት መንግስቲ ኣብዚ ዘመንዚ ከምኡ'ውን መትከል፡ ቅዋም፡ ደሞክራሲ፡ህዝባት፡ሃገርን ሃገርነትን ዝበሉ ኣምራት እውን ብመጠኑ ተናኺፍና። መትከላት ፖለቲካዊ ስርዓትን ስርዓት ዋንነትን ኤርትራ ብመንጽር ጽሑፍ ክኢላ ስኡቐጠብ ፈረንሳዊ ቶማስ ፒከቲ ክንርእዮ ፈቲንና። ብተወሳኺ፡ ታሪኽ ኣመዓብላ ቅዋማዊ ስርዓት ኣብ ሃገራት ምዕራብን ድኽመታቱ ኣብ ትግባረን ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ደስዑ፦

## ኣገባብ ምርጫ

ኣብ ሃገራት ምዕራብ ብሓፈሻኡ ክልተ ኣገባብ ምርጫ ኣሎ (1) ዓብላሊ ድምጺ - Majoritarian (2) ተመጣጣኒ ድምጺ - Proportional። እዚ ክልተ ኣገባብ ምርጫ'ዚ ብዙሕ መልክዕ ዘለዎ ኮይኑ፡ ብሓፈሻኡ ኣብ ኣገባብ ዓብላሊ ድምጺ ዝበዝሐ ድምጺ ዝረኸበ ይዕወት። ኣብ ኣገባብ ተመጣጣኒ ድምጺ፡ ሕጹያት ዝረኸብዎ ድምጺ ጥራይ ዘይኮነ ጠቕላላ ድምር ድምጺ ሰልፈታት'ውን ኣብ ግምት ይኣቱ እዩ። ንኣብነት ሓንቲ ሰልፊ ብድምር 30% ድምጺ እንተ ረኺባ ኣብ ባይቶ ከባቢ 30% መንበር ትሕዙ። ክልቲኡ ኣገባብ ኾነቱ ሓያልን ድኹምን ጎድታት ሃልዩዎ፡ ብዙሓት ሞያውያን ኣገባብ ተመጣጣኒ ድምጺ ንብዙሕነት ሰልፈታት ብፍላይ ከኣ ንንኣሽቱ ሰልፈታት ኣብ ፓርላማ መንበር ክሕዛ ሓጊዚ እዩ ይብሉ።

ኣሰዒብና ገለ ድኽመታት ኣገባብ ምርጫ ክንድህስስ፡ ደ ሜስኪታን ስሚዝን ብዛዕባ ኣገባብ ምርጫ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣመልኪቶም ከምዚ ይብሉ፦ "ግደ ሓቂ ኣብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ፈደራላዊ ቅርጺ ኣገባብ ምርጫ፡ 1 ካብ 5 ድምጺ ሒዝካ ዝ ድምጺ'ዚ ከኣ ብጥበብ ወዚዕካ ሓጋግን ፈጻሚን ኣካል መንግስቲ ምቁጽጻር ይከኣል እዩ።" (Bruce Bueno de Mesquita and Alastair Smith – The Dictator's Handbook)

ብኣልእ ኣበሃላ፡ ነቑጣታት ምርጫ ንስልፍኻ ብዝሰማማዕ ወዚዕካ፡ ብ20 ሚእታዊት (20%) ድምጺ ጥራይ፡ ክልቲኡ ኣካላት መንግስቲ ምቁጽጻር ወይ ምስዓር ይከኣል እዩ። ክልቲኡ ኣካላት መንግስቲ እንተ ተቖጻጺርካ ከኣ፡ ብዘይካ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ መብዝሕትኡ ፈደራላውን ዞባውን (ስተይት) ቤት ፍርድታት ደስ ዝበሉኻ ፈራዶ ኮፍ ብምባል ሰለስቲኡ ኣካላት መንግስቲ ምቁጽጻር ይከኣል እዩ። ኣባላት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንህይወት ስለ ዝምዘዙ ምልዋጦም ኣይከኣልን እዩ። ይኹን'ምበር ኣባላት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እንተ ዓረፉ ብዝመስሉኻ ምትካኦም ቀሊል እዩ። ብዝተረፈ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝመጽኡ ጉዳያት ኣቐዲሞም ኣብ ታሕተዎት ቤት ፍርዲ ስለ ዝረኣዩ፡ ጉዳያት ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንኸይበጽሑ ብዙሕ ማሕለኻ ምግባር ይከኣል'ዩ።

ብሓጺሩ፡ ነቑጣታት ምርጫ ኣመቻቺእካ፡ 20% ድምጺ ጥራይ ብምርካብ ንሰለስቲኡ ኣካላት መንግስቲ ማለት ሓጋጊ፡ ፈጻሚ፡ ፈራዲ ኣካላት ምሉእ ብምሉእ ናይ ምቁጽጻር ኣኻእሎ ኣሎ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ መግለጺ ክልስ ሓሳባዊ ኣኻእሎ ኮይኑ ኣብ ተግባር ግን ክሳብ ክንድኡ ቀሊል ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ምርጫ ብዙሕ ጸወታ እዩ ዘሎ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ክልስ ሓሳባዊ ኣኻእሎ ኣብ ተግባር ብኸመይ ይሰርሕ ጭቡጥ ኣብነት ከኣ እቲ ኣመሪካውያን ጀሪማንደሪን (Gerrymandering) ዝበልዎ ኮይኑ ኣሰዒብና ክንድህስሶ ኢና።




ምንጩ ሓበሬታ፡ https://en.wikipedia.org/wiki/Gerrymandering_in_the_United_States

## ጀሪማንደሪን

ኣብ 1812 ኣመሓዳሪ ማሳቹሰተስ ዝነበረ ኤልብርጅ ጀሪ (Elbridge Gerry) ናይ ምርጫ ነቑጣታት፡ ከባቢን፡ ማሳቹሰተስ ዝልውጥ ኣዋጅ ኣውጺኡ። እቲ ንሱ ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ኑቲ ንብረት ኣመቻቺላ ነቑጣታትን ከባቢ ምርጫን ዓውት ሰልፉ ብዘረጋግጽ መልክዕ ቀያይሩዎ (ንብረት ዝበሃል ኣመቻቺላ ነቑጣታት ምርጫ፡ ኣብ 10 ዓመት ሓንሳብ ድሕሪ ቆጸራ ህዝቢ ብመጠን ብዝሒ ህዝቢ፡ ብዝተኻእለ መጠን ብትኽ ዝበለ መስመር ዝግበር እዩ)። ቅርጺ ናይ ሓንቲ ከባቢ ምርጫ ከኣ ናይ ጠበቅ ቅርጺ (Salamander) ከም ትሕዝ ተገይሩ። በቲ ንሱ ዝገበሮ ለውጢ ከኣ ሰልፉ ናይ ሓጋጊ ኣካል (ሴኔት) መንበር ክትሰዕር ክኢላ። በዚ ከኣ ንረብሓኻ ክትብል ዝግበር ምቅይያር ከባቢ ምርጫ ጀራማንደር (Gerry-mander) ተባሂሉ። ዓመጽ ክፍጽም ንዝደሊ ብድምጺ መረጽቲ ምጽዋት ቀሊል እዩ (ሰሌዳ 1 ተመልከት)።

ኣብ ሰሌዳ 1 ቀሪቡ ብዘሎ ኣብነት መሰረት፡ ኣብዚ ናይ ምርጫ ከባቢ 50 ናይ ምርጫ ነቑጣታት ኣለዋ። ኣርብዓ ሚእታዊት (40%) ካብ ኣድመጽቲ ደገፍቲ ሰልፊ "ሀ" ኮይኖም ዝተረፉ ስሳ ሚእታዊት (60%) ከኣ ደገፍቲ ሰልፊ "ለ" እዮም። እዚ ከባቢ ከኣ 5 ወከልቲ ናይ ምምራጽ ዕድል ኣለዎ። ኣብ ኣገባብ ዝተመጣጠነ ምርጫ "ሀ" 2 መንበር ክትሰዕር፡ "ለ" ከኣ 3 መንበር ክትሰዕር ፍትሓዊ ውጽኢት'ዩ። ይኹን'ምበር ምምቕራሕ ቦታ ዝውስን ኣካል ነዚ ፍትሓዊ ውጽኢት ናይ ምቕያር ዓቢ ኣኻእሎ ኣለዎ። እቲ ከባቢ ምርጫ ናይ ምውሳን ስልጣን ዘለዎ ኣካል ደጋፊ "ሀ" እንተ ኮይኑ፡ ልዕሊ ዘለዋ ደገፍ መረጽቲ 3 መንበር ከም እትስዕር ብምግባር ዓብላሊ ድምጺ ከምዝህልዋ ክገብር ይኽእል። ብኣንጻሩ ደጋፊ "ለ" እንተ ኮይኑ "ሀ" ባዶ መንበር ከም እትረክብ ብምግባር ጨርሒ ድምጺ ዘይብላ ክገብር ይኽእል። እዚ ኣብ ሰሌዳ 1 ዝቐረበ ኣመቻቺላ ክልስ ሓሳባዊ ኮይኑ ገለ ናይ ብሓቂ ስእሊታት ኣብ ሰሌዳ 2 ነቕርብ።




ሰሌዳ 2 ብንጹር ከም ዘርእዮ፡ ናይ ድምጺ ነቑጣን ከባቢን ዶብ ናይ ምውሳን ስልጣን ዘለዎ ኣካል፡ መንበር ሰልፉ ንምዕባይ ከባቢ ብዘሰማምዖ መገዲ ናይ ምስኣል ስልጣን ኣለዎ። ናይ ምርጫ ዶብ ናይ ምውሳን ስልጣን ዘለዎ ግን መን እዩ? ናይ ምርጫ ዶብ ምቕያር ብዞባ (ስተይት) እዩ ዝውሰን።

## ምወላ ውድድር ምርጫ

ኣብ 'ደሞክራሲያዊ' ምርጫ ዝውዳደሩ ውልቀሰባት ይኹን ሰልፈታት፡ እንታይ ዓይነት ፖሊሲን ፕሮግራምን ከምዘኽትሉ እንተ ተዓዊቶም ከኣ ዘተግብሩ ንኣድመጽቲ ምልላይን ምግላጽን ኣገዳሲ እዩ። ይትግብርዎ'ዶ ኣይትግብርዎን ንግዚኡ ንኺ ገዲፍና፡ ተወዳደርቲ ሓሳቦም ንምልላይ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ይውድቡ፡ ዝተፈላለየ መራኸቢ ብዙሓን ተጠቒሞም ሓሳቦም ይገልጹ እዮም። ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ከኣ ናይ ሰልፊ ኣክቲቪስትን ውልቃዊ ማሕበራዊ መርበባትን ይጥቀሙ ኣለዉ።

ፖሊሲን ፕሮግራምን ኣብ ውሱናት ሰዓት ዝሳተፍዎ ኣኼባ ተዛራቢካ ይኹን ኣብ ብዙሓት ዝርእዩዎ መራኸቢ ብዙሓን ንደቓይቕ ወይ ሒደት ሰዓታት ገሊጽካ፡ ኣብ ኣድመጽቲ ኣድማዒ መልእኽቲ ደሲጋር እዩ ኢልካ ምሕሳብ ጸቡቕ ትምኒት ጥራይ እዩ። ከመይሲ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ኣድመጽቲ ይትረፍ'ዶ ዝተሓላለኸ ዓሚቝ ሞያዊ ኣፍልጦ ዝሓትት ፖሊሲን ፕሮግራምን ምሉእ ኣቓልቦኦም ሂቦም ኣንቢቦም ወይ ሰሚዖም ኣየናይ ሰልፊ እዩ ዝሓሸ፡ ኣየናይ ተወዳዳሪ እዩ ዝበለጸ ክመምዩ፡ ኣሰማት ሰልፈታት ይኹን ኣየናይ ሕጹይ ናይ ኣየነይቲ ሰልፊ ተወዳዳራይ ምዃኑ ንምምማይ እውን ግዜ የብሎምን።

ሰልፈታት ይኹን ተወዳደርቲ ናይ ሓሳብ ፍልልይ የብሎምን ማለት ኣይኮነን። ሓፈሻዊ መረጻይ ግን ካልእሲ ይትረፍ ፖሊሲታትን ፕሮግራምን ንምስማዕን ንምምማይን ግዜ የብሉን። ነዚ ዘረጋግጹ ብዙሕ ኣብነታት ኣቐዲምና ኣቕሪብና ኢና። ይኹን'ምበር ንምልላይ ዝግበር ወጻኢ ቅጥዒ የብሉን ጥራይ ዘይኮነ ሚዛናዊ'ውን ኣይኮነን። ዝበዝሐ ዝግበር ወጻኢ ከኣ ፖሊሲ ወይ ፕሮግራም ንምልላይ ዘይኮነስ መረጽቲ ንምፍራሕን መወዳደርቲ ንምምርሳሕን እዩ። ዳርጋ ኩለን ሃገራት ኣንጻር ከምዚ ዓይነት ተግባራት ሕግን መቕጻዕትን ኣለወን። እቲ ሕግን መቕጻዕትን ግን መብዝሕትኡ ግዜ ንሰልፈታትን ተወዳደርትን ዝምልከት እዩ። ዜጋታት ርእይቶኦም ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎም ስለ ዝበሃል ዘለፋን ጸርፍን ብዓልሲይ ኣካል እዩ ዝካየድ።

ናይ ከምዚ ዓይነት ተግባራት ፍልጥቲ ኣብነት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ እያ። ኣብ 2020 ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ዝተገብረ ጠቕላላ ወጻኢ 14 ቢልዮን ዶላር ነይሩ (ምንጪ OpenSecrets.org)። ልዕሊ ዕጽፊ ናይ 2016 ምርጫ። ኣቐዲሙ ዝነበረ ገምጋም ኣስታት 11 ቢልዮን ዶላር ኮይኑ፡ እቲ ውድድር ኣዝዩ ዝተቐራረበ ብምንባሩ ኣብቲ ናይ መጨረሻ ሳምንታት ወፈያን ወጻኢን ሰማይ ከም ዝዓርግ ኮይኑ። እቲ ልዕሊ ኹሉ ዝገርም ከኣ ክልቲኦም መወዳደርቲ ማለት ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ፕረዚደንት ትራምፕ ይኹን መወዳደርቱን ኣብ መጨረሻ ዝሰዓረን ፕረዚደንት ባይደን፡ ኣብዚ ዝፈሰሰ ገንዘብ ብዛዕባ ፖሊሲ ወይ ፕሮግራም ዝሃብዎ መግለጺ ኣዝዩ ውሑድን ናይ ላዕሊ-ላዕልን ጥራይ እዩ ነይሩ። ዝበዝሐ መልእኽቲ ኣብ ፕረዚደንት ትራምፕ ጉዳይ 'ብልሽውና' ወዲ ባይደን ኮይኑ፡ ፕረዚደንት ባይደን ከኣ ዝበዝሐ ዘተዛረቦ ብዛዕባ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን 'ብልሽውና' ትራምፕ እዩ ነይሩ።

እቲ ናይ ምልልላይ ዘመቲ ኣብ ክንዲ ብዛዕባ ፖሊሲን ምምሕያሽ መነባብሮ ሰባትን ዘኾነ፡ ኣብ ልዕሊ መረጽቲ ራዕዲ ምእታውን ንድሕነትኩም ነዚ መውዳድርተይ ኣይትምረጽዎ እዩ ዝመስል ነይሩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ውድድር ዝሰዕር እቲ ንመረጽቲ ዝያዳ ዘፍርሐን መውዳድርቱ ከም ዘይመርጹ ዝገበረን ይመስል። ድሕሪ ምርጫ ኣብ መጨረሻ ቀንዲ ተዓዋቲ ድማ ኑቲ ዝሰዕር ዝመወሉ ዓበይቲ ኮርፖረሽናትን ሃብታምን ይኾኑ።

ምልላይ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ገለ ሃገራት ምዕራብ ብፍላይ ከኣ ኣብ ኤውሮጳ ኣድማዒ ውጽኢት ኣለዎ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኤውሮጳ ምወላ ምርጫ ብኣባላት ሰልፊ፡ ደገፍትን መንግስቲን እዩ። መንግስቲ ንሰልፈታት ትህቦ ደገፍ ብመንጽር ኣብ ዝሓለፈ ምርጫ ዝረኸብዎ ብዝሒ ድምጺ እዩ።

ይቕጽል . . .

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ከነመስግኖም ድዩ ዘለና፧

ኣሮን ተስፋኣለም

“ብዛዕባ ታሪኽና ክሓስብ እንከለኹ፡ እቲ ዓቢ ሕቶ፡ ‘ንገዛእትና ከነመስግኖም ድዩ ዘለና፧ ምስጋና ንመን’ዩ ዝግበኦ፧’ ዝብል’ዩ። ትሰምዕኒዶ ’ለኺ ሰሚራ ጓል ኤርትራ፧”

“ኣብ ኤርትራዊ ታሪኽ ብሓቂ እንተ ጥሒልካ፡ ‘ምስጋና ዝግብኦ መን እዩ፧’ ካብ ምባል ዝዓቢ ካልእ ሕቶታት ኣሎ፡ ባርህ። ‘ንገዛእትና ከነመስግኖምዶ፧’ ኢልካ ምሕታት ከኣ’ሞ ካብ ዓጀውጀው ዝሓልፍ ኣይኮነን።”

ነብሶም ናይ ምዕባይን ምህናጽን ሓላፍነት ኣረኪበ ፈጠርኩዎም፣ ምእንቲ ከመስግኑኒ። ብሉይ ታሪኽ ኣሐዲሶም ስእለ ታሪኽ ከጉልሑን ሓድሽ ኪዳን ምስ ነብሶም ክኣትዉን ነጻ ሕርያ መጠኹሎም፣ ምእንቲ ከምስግኑኒ። ሰሚራን ባርህን፡ ካብ ከርሰይ ብኣምሳለይ ዝተፈጥሩ ውሉዳተይ!

“እንድዒ ጓለይ! ንምኳኑ ንስኺ፡ ኢጣልያውያን ገዛእቲ ንኤርትራ ስለ ዝፈጠሩ ክተመስግንዮም ኣይትደናደንን፧ ኤርትራ ከም ሓንቲ ፍልይቲ ጂኦግራፍያዊት ኣምር፡ ከም ሓንቲ ማሕበረ ቍጠባዊትን ምምሕዳራዊትን ኣሃዱ፡ ከም ሓንቲ ንጹርን ሕጋውን ዶባት እትውንን ገይሮም ብምፍጣሮምሲ ክተመስግንዮም ድንዕ ኣይትብልን፧”

“ብፍጹም! ‘ገዛእቲ’ እኮ ኢኻ ትብል ዘለኻ። ‘ገዛእቲ’ ዝብል ቃል ንባዕሉ ምስጋና ከም ዘየድልዮ ዝዛረብ፡ ርእሰ ግሉጽ ምኳኑ’ባ ኣይትዘንግዕ። ንስኻ ሰላምታ፡ መዓልኩም ሓደርኩም ዘይተጸግብ ሰብሲ ብዛዕባ ምስጋና ከኣ ተገዲስካ፧ ኣታ ገለ’ባ ኢኻ ትሰምዕ!፧”

“ወይለይ ሓቅኺ! ሰላምታ ከይለገስኩ’ባየ ናብ ጉዳየይ ሰጊረ። ይቕሬታ ግበርለይ። ሕጂ ብዛዕባ ምስጋና ምግዳሰይ ከም ኣብ ጉዕዞ ለውጢ ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት ገይርኪ ከኣ ሕሰብለይ’ባ።”

“ኣላኢኻ ዛርቡን!”

“እስከ በሊ ነዛ ሓሳበይ ብኻልእ መገዲ ከቕርባ። መለሳ ሓረግ ገይረ፡ ካብ ናይ ዘምህረት የሃንስ መጽሓፍ እየ ክልቃሕ፥ ‘ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ፡ በቲ ማሕበረ-ቍጠባውን ፖለቲካውን መስርሓት ተደሪኹ፡ መሰረት ናይ ሕብረ ብሄራት ዘሎዋ ሃገር ፈጢሩ። ኪንዮ ጭቈናኡ፡ ውርደቱን ምዝመዛኡን፣ ብኣሽሓት ዝቍጸሩ ኤርትራውያን ነቲ መስፋሕፍሒ ሕልሙ ኪንዮ ምስውኡ፣ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ነቲ ዳሕረዋይ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝጸለወ ማሕበረ ቍጠባዊ ለውጢ ኣምጺኡ።’ ከም ተወሳኺ፡ ሚሸላ ሮንግ ዝብሉዋ ወጻእተኛ ተመራማሪት ድማ፡ ‘ማርቲኒ ነቲ ከም መሰረት ናይ ዘመናዊ ሕብረተሰብ ዝኾኑ፡ ዘመናዊ ሕጊ፡ ስርዓት ተለግራፍን ትምህርትን ዝኣመሰሉ፡ ሃኒጹ፡’ ዝብል ኣስፊራ ኣላ። ክሳብ’ዚ ርእይቶ ኣሎኪ ድዩ፧”



“ስራሕ ናይዞም ዝጠቐስካዮም ተመራመርቲ እፈልጦ’የ። ብዛዕባ’ቲ ‘ኣነ’የ እቲ ግዝኣት’ እናበለ ዝምካሕ ማርቲኒ ትዛረብ ከም ዘለኻ’ውን ሒዘካ ኣለኹ። ቀጽል ግዳ።”

“ጽቡቕ። ነዞም ዝጠቐስኩዎም ቍንጫላት ታሪኻዊ ሓቅታት መሰረት ብምግባር ጥራይ፡ ሓደ ሰብ፡ ‘ኣብቲ ድሒሩ ዝመጽአ ታሪኽ ኤርትራውያን፡ ኤርትራውያን ነዚ ናይ ኢጣልያ ሓድግታት/ውርሻ/ትውፊት ንምክልኻል እዮም ተቓሊሶም፡’ ብምባል ክካታዕ ኣይክእልንዶ፧”

“ይካታዕ! ኣነ ግን ኣይምተቐበልኩዎን። ምኽንያቱ ኤርትራውያን ንናይ ኢጣልያውያን ሓድግታት/ውርሻ/ትውፊት ክከላኸሉ ኢሎም ኣይኮኑን ተቓሊሶም ያ!”

ሰሚራን ባርህን ምእንቲ ክብረት ብንኡሳቶም ዝመነኑ ናይ ፍቕሪ ጻድቃናት! ሰሚራን ባርህን ገድሊ ኣቦታቶም ኣጽኒዖም መንግስቲ ሰማየይ፡ ምድረይን ባሕረይን ክወርሱ ዝተሓጽዩ እሙናት!

“ኣብ ካልእ ታሪኻዊ ምርምር ከኣ፡ ኢጣልያዊ መግዛእቲ ሰለስተ መድረኻት ከም ዝሓለፈ ይንገር። ንሱ ድማ (መለሳ ሓረግ ኣብ ቦታኡ’ሎ)፥ ‘ቀዳማይ መድረኽ፡ ኢጣልያውያን ንኤርትራ ናይ ሰፈራታት ግዝኣት ክገብሩዋ ጽዒሮም፣ ካልኣይ መድረኽ፡ ኤርትራ ብፍሉይ ከም ምንጪ ኣብ ሊብያን ሶማልያን ወፈሮም ዘገልግሉ ኣሽሓት ኤርትራውያን ዓሳክር ስለ ዝነበረት፡ ስትራተጅያውን ቍጠባውን ረብሓታት ንምኽዕባት ተገልጊሎሙላ፣ ሳልሳይ መድረኽ፡ ኤርትራ ንምስፍሕፋሕ ኢጣልያዊ እምብራጦርያ ከም ደጀን ኣገልጊላ፡’ ዝብል’ዩ። ንሓበሬታ ዝኣክል፡ እቲ ከም ኢጣልያዊ ውርሻ/ሓድጊ ዝውሰድ ዘመናዊ ቍጠባዊ መሰረት ኣብዚ ሳልሳይ መድረኽ እዩ ብቐንዱ ተሃኒጹ። ስለዚ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓቂ እንተ ረኺብኪ፡ ነቲ ‘ኤርትራውያን ንስለ ሓድጊ/ውርሻ መግዛእቲ እዮም ተቓሊሶም’ ዝብል ሓሳብ ከመይ ኢልኪ ትኸሕድዮ፧”

“ሓሳብካ መጥመሪ የድልዮ’ሎ ባርህ! ‘ከም ናይ ደቀባት ማእከላይ ደርቢ፡ ሽቃሎን ምሁራትን ዝኣመሰሉ፡ ምቕልቃል ዘመናዊ ማሕበራዊ ጉጅለታት፡ ውርሻ ናይ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ’ዩ፡’ ዝብል ናይ ረድኢ በረኸትኣብ ዋላ እንዶ ነዚ ሓሳብካ ወስኺሉ። እዝን ካልእን ካብ መግዛእቲ ዝተወርሰ ሓድጊ ምህላዉ እመነሉ’ሞ። ‘ኤርትራውያን ንእኡ ክከላኸሉ/ክዕቅቡ እዮም ተቓሊሶም፡’ ክትብል ግን ኣይግባእን።”

“ኣይወዳእኩን’ኮ። ኤርትራዊ መሬታዊ ሓድነት/ጥምረት ውጹእ ስራሕ ኢጣልያዊ መግዛእቲ እዩ። መሬታዊ ሓድነት/ጥምረት ድማ ንማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ጥምረት ቅድመ ኩነት ምኳኑ ኣይትግንዘብዮን ኢኺ ኣይብልን። ኤርትራውያን ነዚ እዮም ተቓሊሶምሉ። ኣብዚ ነጥቢ’ዚ ምስ በጻሕካ ድማ ኢኻ ንኢጣልያዊ መግዛእቲ ክተመስግኖ ትደናደን።”

“ብቛንቋኻ ዝተጻሕፈ ናይ ዘምህረት መጽሓፍ ብግቡእ ኣንቢብካዮ ዲኻ፧ ኣነስ ጥቕስታትን ቤላቤለውን ጥራይ ሒዝካ ትዛረብ ከይትህሉ እስከፍ ኣለኹ። ንምኳኑ ‘ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ምምጻእ መግዛእቲ ጣልያን ኣይኮነን ዝጅምር። እቲ ዘመናዊ ክፋል ታሪኽ ኤርትራ ጥራይ እዩ ካብ እዋን መግዛእቲ ጣልያን ዝጅምር፡’ እናበለ ዘረድእ ገጻት ገለ ኣየጋጠመካን፧”

“ከቶ! ‘ብዛዕባ መግዛእታዊ ‘ምዕባለ’ ኣብ ዝዝረበሉ ህሞት፡ ከምቲ ስነ ሓሳበኛታት ኤውሮጳዊ ሃጸይነት ዘመኻንዩዎ፡ ንምዝርጋሕ ‘ስልጣኔን’ ካልኦት ብጹኣት ዕላማታትን ዝተኻየደ መግዛእታዊ ምስፍሕፋሕ፡ ኣብ ታሪኽ ስለ ዘይተራእየ፣ መግዛእታዊ ‘ምዕባለ’ ብቍጠባውን ስትራተጅያውን ረብሓታት ዝተደረኸ ውሽጣዊ ዳይናሚክስ፡ ናይ ገበተ ርእሰ ማልነት ዝፈጠሮ ውድዓዊ መስርሕ ደኣ’ምበር ናይ ልግስን ግብረ ሰናይ ናይ ‘ስልጣኔ’ ተልእኾን ከም ዘይኮነ ክዝንጋዕ የብሉን፡’ ዝብል ክፋል ናይ ‘ኢጣልያዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ’ ዘርእስቱ መጽሓፍ ብልጭ’ንካ በለኒ ሕጂ። እንኳዕ’ባ ምሳኺ ኣዕለልኩ።

“ኤውረካ! ሕጂ’ንድዩ ደኣ እቲ ‘ከመስግኖምዶ፧’ ዝብል ድንዕታ ዝጠፍኣ። ኢጣልያውያን ንኤርትራ ፈጢሮማ ክኾኑ ይኽእሉ’ዮም። ንኤርትራውያን ግን ንሳቶም ኣይፈጠሩዎምን። ንኤርትራውያን ክፈጥሩ ፋዕራ’ውን ኣይነበሮምን። ነዚ ዘራጉድ ኣብነታት ብዙሕ ክመጽእ ይኽእል’ዩ። ሓደ ካብኡ፡ እቲ ድሑር ኢጣልያዊ ስርዓት ትምህርቲ፡ ፖለቲካውን ባህላውን ኤርትራዊ ሃገራውነት ንኸይምዕብል ዓንቂጹ እዩ። እዚ ጸገም እዚ ን50 ዓመታት ክሳዕ ድሕሪ ምኽታም መግዛእቲ ጣልያን ከም ዝጸንሐ ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ለካ ንኢጣልያዊ መግዛእቲ ክተመስግነሉ ዝሓሰብካ ባይታ ኣብዚ እዩ ዝፈርሰካ። ብመሰረቱ፡ ኢጣልያዊ ይኹን ካልእ ዓይነት መግዛእቲ፡ ነቲ ባህርያዊ፡ ንቡር መስርሕ ምቛም ሃገር ስለ ዝዕንቅጽ ክተምስግኖ ኣይትተባባዕን ኢኻ።”

“ሓንሳእ! ሕጂ’ውን ዘይወሓጠለይ ዘረባ ኣምጺእካ ኣለኻ። ‘መግዛእቲ ነቲ ባህርያዊ መስርሕ ስለ ዝዓንቀጾ ኣየመስግኖን እየ’ ትብል ኣለኻ። ብዘይካ ኤርትራዊ ካልእ ክትከውን ስለ ዘተመነኻ ድዩ፧ እዚ ሕጂ ዘሎ ኤርትራን ኤርትራውነትን የጣዕሰካ ድዩ፧”

“ኣቲ ክንደይ ትሓስሚ፧ ‘ምእንቲ መንነ ትሕለፍ ኣንጭዋ’ መቸም ኣይንታይክን እዩ። ስምዒ! እቲ ባህርያዊ መስርሕ ብመግዛእቲ ብምኹላፉ ዘጣዕሰኒ ነገር የለን። ብዘይካ ኤርትራውነት ካልእ ሃገር እንተ ዝህሉወና ኢለ’ውን ምኒን ኣይብልን። ነዚ ሕቶኺ ንምምላስ ግን፡ ንስኺ፡ ንስኺ ብምኳንኪ ትጠዓሲ ዲኺ፧ ብኻ ካልእ ሰብ ኩይነ ተፈጢረ ትብሊ ዲኺ፧”

“ዝኾነ ኩይኑ፡ ብዛዕባ ምምስጋንን ዘይምምስጋንን ምጭናቕካ ከይገረመኒ ኣይተረፈን። ሓንቲ ክብለካ ዝደሊ ግን፡ ኣብ ናይ ‘ምምስጋንን ዘይምምስጋንን’ ሓሸውየ ከይጠሓልካ፡ ንታሪኽካ ብውድዓዊ መገዲ ኣንብቦን ተረድኣዮን።”

“‘ውድዓውነት’ ዶ ኣምጻእኪ ሕጂኸ፧ ንሱስ ኣይሓደግናን ሓፍተይ መዓረይ። ግን ኣብ ውሽጢ እቲ ውድዓዊ ንባብ፡ ነቲ ዝግበኦ ክተመስግንን ንዘይግበኦ ድማ ምስጋና ክትነፍግን እንተታይ ጸገም የምጽእ፧ ኣፍልጦ ምሃብ ማለት እኳ’ዩ። ትፈልጢዶ፡ ሕብረተሰብና ሰብ ውዕለቱ ዝዝክር፡ ኣመስጋኒ ሕብረተሰብ ምኳኑ፧ ኣብ ውሽጢ’ቲ ‘ንዝገበረልካ ግበረሉ ወይ ንገረሉ’ ዝምስላኡ ሕብረተሰብ ከም ዘለኺ’ኸ ይስወጠኪዶ፧ ጉድኒ ጉድኒ’ዚ፡ ተራ ሰብ ብዛዕባ ውድዓውነት ዘይግደስ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ብዛዕባ’ዚ ተራ ሰብ ምሕሳብ እውን ጽቡቕ ነገር እዩ። ተራ ሰብ ንቕኑዕ ንኢዱ፡ ነቲ ግጉይ ከለልዮ ባህ እዩ ዝብሎ። ተራ ሰብ ወገን ይሕዝ እዩ (ኣየመዛዝንን እዩ ማለተይ ኣይኮነን)፣ነቲ ዘሳቐየ፡ ኣረሚን፡ ገበነኛ፡ በዛቲን ገፋዒን ዝነቅፍ፣ ነቲ ቅዱስ፡ ቅኑዕ፡ ንጹህ፡ ውጹዕ ዝሓቍፍ እዩ።

“ውድዓውነት! ውድዓውነት! ውድዓውነት! ‘ውድዓውነት፡ ምሁራት ንነብሶም ሓራ ከውጽኡ ምእንቲ ዝዕቍቡላ ምህዞ እያ፡’ ዝብል፡ ኣሚን ማዕሉፍ ዝስሙ ደራሲ ዝፈጠሮ ገጸ ባህሪ’ባ ዘከርኩ!”

ሰሚራን ባርህን መጽሓፍተይ እናንበቡ ኣብ ቤት ንባብ የቛድሱ። ቃለይ ሰኒቖም በታ መገዲ ህንጸት ሃገር ንበቤቶም እንክምለሱ ብዛዕባ ታሪኽይ ይካትዑ። ኣብ ርእሲ ንባብን ተመኩሮ ህይወትን፣ ክትዕ፡ ትንተናን መደረን ገለ ካብቶም ንፍጡራተይ ናብ ብስለት ዘደይቡ መገድታት ክሳብ ዝኾኑ፡ ብምክትያም ጥራይ ኣነ፡ ኤርትራ፡ ከም ምስጋና’የ ዝወስዶ።

“ተዛራብካ ተዛርብ ብምኳንካ ኣይትጽላእን። ‘ንሰላምታ፡ ንመዓልኩም ሓደርኩም. ሕብረተሰብና ናብ መጻወድያኡ ንኽእትወካ ምእንቲ ከም መልዘቢ’ዩ ዝጥቀመሉ፡’ ካብ ምባል ኣዕሪፍካ፡ ብዛዕባኡ ናብ ምጥ’ባቕ ገጽካ ተኣንፍት ኣለኻ። ጽቡቕ ምዕባለ’ዩ። እዚ ጀሚርካዮ ዘለኻ፡ ‘ምስጋና ንመን ይግበኦ፧ ከነመስግኖም ድዩ ዘለና ዋላ ካልእ’ ዝብል ሓሳብ ድማ ደሓን ቀጽሎ። ኣነ ኣይከጓናደበካን እየ።

“ንእግረ መገድና፡ ‘ፍልስፍናታት ከም መሰል ርእሰ ውሳነን ካልእን፡ ዘመናውያን ክልሰ ሓሳባት ሃገራውነት፡ ምህናጽ ሃገር ከም ኣምር፡ ባይቶ፡ ፓርላማ፡ ዘመናዊ መንግስቲ፡ ኣምር ውድብ፡ ርእሰ ምርኮሳን ካልኦት ናይ ምዕባለ ኣገባባትን፡ ፌደራላውነት፡ ዲሞክራሲ፡ ፍትሒ፡ እንዱስትሪያውነት፡ ዘመናውነት፡ ርእሰ ማላዊ ስነ ሓሳብን ካልእን፡ ምህዞታት ምዕራባዊ ዓለም እዮም። ንሕና ኤርትራውያን ድማ ብውሑዱ ሓንሳእ ኣብ ታሪኽና ካብዚ ምዕራባዊ ምህዞታት ተጠቒምናን ተለቂሕናን ኣለና። እሞ ከነመስግኖምዶ፧’ ዝብል ምድ’ንዳን፡ ምናልባት ኣብ ዝመጽእ እንተ ተራኺብና፡ ሒዝካለይ ከይትመጽእ። ሓደራ። ኣብ ክንዲ ተራ ሰብ ኴንካ ወይ ንተራ ሰባት ወኪልካ ነዚ ዝመስል ሓሳብ ከተምጽእ ቅድሚ ምውሳንካ፡ ‘ብዘይ’ቲ ዕሉለ ጸይቂ ዝኾነ ጊላነትን መግዛእትን፡ ምዕራባውያን ነዚ የስተማቕራኦ ኣለዋ ዝበሃላ ተድላን ብልጽግናን ኣምበይ ምረኸባኦን’ ኢሉ ዝምጉት/ ዝኣምን ዋልተር ሮድኒ ኣንብብ። ን ‘How Europe underdeveloped Africa’ ኣንቢብካ፡ ዝምድና ኤውሮጳዊ መግዛእትን ኣፍሪቃን ካብ ድሕርን ቅድምን 16 ክ.ዘ. ኣትሒዝካ እንተ ተጸኒዑ ዝሓሸ’ዩ’ ዝብል ግንዛበ ሒዝካ ምጻእ። ካልእ ተመሳሳሊ መጽሓፍቲ ብዕምቈት ከተንብቦን ‘ፍልጠት ዳያሌክቲካዊ ፍልስፍና፡ መድሃኒትን ስነ ህንጻን ኤውሮጳ፡ ኣብ ማእከላይ መዋእል፡ ካብ ዓረባውያን ጸሓፍትን ቍርኣንን ከም ዝተወስደ’ ተረዲእካን ምጽኣኒ።

“ከምቲ ኣብ ምብራቕ፡ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ዓለም ዝተራእየ ስልጣነታት ኣብ ታሪኽ ቦታ ኣሎዎ፡ ብልክዕ። ኣብ ዝመጽእ ርክብና ግን፡ በጃኻ! ብውሑዱ ነቲ ኣብ ፈቓዶ ገማግም ኣፍላጋት ዝጀመረ ስልጣነታትን ድሒሩ ዝሰዓበ ታሪኽ ዘመናዊት ዓለምን ከይገንጸልካ፣ ንሕና ምስኡ ብኸመይ ከም እንተኣሳሰርን ልክዕ ቦታና ኣብ ታሪኽን ዘንጊዕካ ከይትቐርበኒ።”

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንነ ከሳሲ ኣቶ የናስ ብርሃ ምሑርን ተኸሳሲት ወ/ሮ ቤተለሄም ወልደጻየግ በይንን ዘሎ ናይ ስብኣይን ሰበይትን ጉዳይ፡ ተኸሳሲት ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ስላስ ገብረጊዮርጊስ፡ ብዓል ቤተይ ኣሰፋው ደርጋው ጊላሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን 15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣብ መንነ ከሳሲ ኣቶ የሴፍ ኣስገዶም ገብረዝጊ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ጽገወይኒ ኣስገዶምን ዘሎ ናይ ሓዳር ጉዳይ፡ ተጸዋዒት ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

የውሃንስ ኣስመላሽ ኣርኣያ፡ ኣቦና ኣስመላሽ ኣርኣያን ኣዴና ህድኣት ተስፋሚካኤል ንገሰን ስለዝዓረፉ፡ ንሕና 9 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሉተሃይማኖት ተኽለገርግሽ መድህን ምባል ተሪፉ፡ ሃይማኖት ተኽለገርግሽ መድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኣብ መንነ ብፍ/በ/መሳል ወ/ሮ ብስራት ተስፋኣለም በለውን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጸጋዮ ጉብሩ ግደን ዘሎ ናይ ፈጸሚ ጉዳይ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ጸጋዮ ጉብሩ ግደ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

የሴፍ ሃብተኣብ ዕቑር፡ ስም ኣደይ ግደይ ዓንደም ምባል ተሪፉ፡ ፋና ገብርሂወት ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣስካሉ በራኺ ክፍሉ፡ ወደይ ኣሮን ጸጊት ብርሃ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ ሓዉ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ የናስ ምሕረትኣብ ብርሃ፡ ኣቦና ቀሺ ምሕረትኣብ ብርሃ ኣስገዶምን ኣዴና ሳራ ኣብርሃም መሓሪን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ነጆርኣብ ሕሩይ በረኸት፡ ኣደይ ምሕረት ገብረሚካኤል መሓሪ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ተኸሰስቲ ሚካኤል ኣብርሃ ተኽለሚካኤል፡ ምሕረት ኣብራሃ ተኽለሚካኤልን፡ ብሰስቲ ብርሃ ተኪኤ ተኽለሚካኤል፡ ህድኣት ተኪኤ ተኽለሚካኤልን፡ ሉተብርሃን ተኪኤ ተኽለሚካኤልን ናይ ምቕሊት ውርሲ መዝገብ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣድያም ሰለሙን ተስፋዝጊ፡ ተጸዋዒ ኢብራሂም መሓመ፡ ናይ ሞዝቲ ምጽዳቕ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ዳዊት ዑቕባጽዮን ሓጎስ፡ ወኪል ኣቶ ኀይትኦም ሃይሉ፡ ብዓልቲ ቤተይ ኣሰፋሽ ኪዳነ ተስፉ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ገብረእየሱስ በርሀ ካሕሳይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ሃይማኖት ሓጎስ ወልደየውሃንስ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ፊያሜታ ሚርያምሚካኤል ምስጋና ምባል ተሪፉ፡ ፊያሜት ሚርያምሚካኤል ምስግና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ሄኖክ ሳህለ ተወልደመድህን፡ ብፍ/በ/መሳል ሆሳእና ተስፋይ የውሃንስ ወኪል ኣማረሽ ወልደሚካኤል፡ ንጉዳይ ፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

በረኸት ማዘንጊያ ዘርኣይ፡ ብዓልቲ ቤተይ ንግስቲ ገብረማርያም ምዝሎ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኩብሮም ገብረእግዚኣብሄር ገብረወልዱ፡ ብዓልቲ ቤተይ ንግስቲ ቀሺ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲ ኣቶ የዕበዮ ቀሺ ማሪቆስ ሃይሉ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ መድህን ቀሺ ማሪቆስ ሃይሉ፡ ናይ ግዝኣት ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

ሳባ ገብረስላሴ መሓሪ፡ ሓፍተይ ኣበበች ገብረስላሴ መሓሪ ጥፍእቲ ምዃና ውሳነ ስለዝተዋህበ፡ ናይዛ ጥፍእቲ ሓፍተይ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዛይድ ገብረትንሳኤ ገብረሚካኤል፡ ኣቦና ገብረትንሳኤ ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄርን ኣዴና ኣብርሀት ረዳ ወልደማርያምን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገዐይ ኣባይ ወልደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ጸሎት ወልደትንሳኤ ተኽለ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተኸሳሲ መርሃይ ኣስመሮም ካሱ፡ ብኸሳሲት ፍረወይኒ ወልዱ ተኽለማርያም ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ሽዋይጃሽ መንገሻ ሓጎስ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ሃይላይ ነጋሲ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቕና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮኽረ ገብረስላሴ ገብረሚካኤል፡ ወለድና ገብረስላሴ ገብረሚካኤልን እሙና መጃሽ ተማጉን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ መወትቲ ኣሕዋተይ 4 ተተካእቲ ደቂን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለ ኣስፍሃ በራኺ፡ ኣቦይ ኣስፍሃ በራኺ ተኽለ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተኽለ ኣስፍሃ በራኺ፡ ነፍ/ሄር ኣዝመራ ሃይለ ብለበዋ ፍርቂ ብጽሒት እትውንኖ ገዛ ን1.ከስተ መብራህቱ፡ 2.እዞብዝርያ መብራህቱ፡ 3.ወይኒ ኣስፍሃ 4.ተኽለ ኣስፍሃ 6.ተስፉ ኣስፍሃ ዝተሳበወትልና ደጽደቐልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ገብረዝጊ፡ ደቂ ሓወይ ነፍ/ ተስፋይ ገብረዝጊ፡ ደሃይ ስለዘይብሎም፡ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ክወሃቢ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሃብተማርያም ኣንገሶም ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ሄኖክ ኣንገሶም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅድስቲ መብራህቱ ተኪኤ ምባል ተሪፉ፡ ቅድስቲ መብራህቱ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብሊል በርሀ ፍትዊ ምባል ተሪፉ፡ ካፒታል በርሀ ፍትዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ብንያም ተኽለማርያም ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ የውሃንስ ተኽለማርያም ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቅሳነት ኪዳነ ተኽለ ምባል ተሪፉ፡ ወለተኣብዩ ኪዳነ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ተኽለወይኒ ገብረትንሳኤ፡ ተኸሳሲ ተኽሉብርሃን ዘበ፡ ናይ ግዝኣት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

---

ብስም ሚሮን ተዓገስ ስዩም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00036541 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 176-21 ቁ.ገዛ 36 ዝርከብ ናይ ኮስሞቲክስን ክዳውንትን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሓዳስ ተኪኤ ማና፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ትራቨሎ ጎደና 746-2 ቁ.ገዛ 28 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሚሮን ተዓገስ ስዩም

---




## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ኣልጋሽ ገብረሂወት ክፍሉ፡ ጓለይ ናዝራት ተወልደ ገ/ኣምላኽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋታ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ኣብይት ጎይትኦም ገብረእግዚኣብሄር ምባል ተረፉ፡ ንያት ጎይትኦም ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰሊና ሙብራህቶም መሓረና፡ ተኸሳሲ ኣቶ መረሓ ምሖት ማሰፍን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ወ/ሮ ርሻን ተሰፋይ ደኩኖ፡ ኣቦይ ተሰፋይ ደኩኖ ደረስ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ከሚል ጆማል ሞሳ ምባል ተረፉ፡ መሰዑድ ጆማል ሞሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ዮርዳኖስ ፍስሃየ ገብረጻድቕ፡ ተኸሳሲ ተወልደ ረዘነ ካሕሳይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ከሰስቲ ወ/ሮ መኣዛ ከሰተ ተስፋማርያም +3፣ ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ዓንደም ከሰተ ተስፋማርያም 2. ወረ/ኖ ሃይለ ከሰተ 1.1 ሳራ ሃይለ 1.2 ያቆብ ሃይለ፣ ናይ ምቕሊት ውርሲ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሶሚኤል ዑመር መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ኣሚር ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዓፊት ጃበራ ሱልጣን ምባል ተረፉ፡ ስዒደት ጃበራ ስልጣን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሩማና ሓመድብርሃን ሓመድኑር ምባል ተረፉ፡ ሩማና መሓመድብርሃን መሓመድኑር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ጸገሬዳ ተስፋማርያም ጎይትኦም፡ ኣቦና ተስፋማርያም ጎይትኦም ካሳሰ ስለዝዋረፈ፡ 12 ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣብርሆት ሓድጉ ሃ/ማርያም፡ ሓወይ ግደ ሓድጉ ሃብተማርያም ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማራናታ መሉጌታ ገብረኪዳን ምባል ተረፉ፡ ማራናታ መሉጌታ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ራሀዋ ተስፋገርጊስ በይኑ ስም ናይ ት/ዕድመ ደቀይ 1.ግዜና ዘርኦም ሕድሩ 2.ደርግኣለም ዘርኦም ሕድሩ ምባል ተረፉ፡ 1.ግዜና ዘርኣይ ሕድሩ 2.ደርግኣለም ዘርኣይ ሕድሩ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ ኣሕመድ መሓመድዓሊ ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ ኣሕመድ መሓመድሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ጸሃየ ሃብተማርያም ኑረዲን፡ ኣቦና ሃብተማርያም ኑረዲን ኣዝከረ ስለዝዋረፈ፡ ንወላዲተይ ኤልሳ ልጃም ዑቕቢት ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ንሕና 4 ደቆም ድማ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸሃየ ተኽስተ ክብሮም፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ዛህራ እድሪስ ፋይድ፡ ንትግበረ ውዕል መሸጣ ኣባይቲ ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ብፍ/ብ/መሰል ኣቶ ፍሻለ ቀሺ ተዛረ፡ ብፍ/ብ/ዕዳ ኣቶ ጊዮርጊስ ዓፋ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

እድሪስ ዑመር ማሕሙድ፡ ስም ኣደይ ኣምና ማሕሙድ መሓመድ፡ ኸድጃ መሓመድዓሊ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ኣምና መሓመድ ዓሊ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣኽበረት ገብሮጊዮርጊስ ገ/ማርያም፡ ብዓል ቤተይ ፍጹም የማነ ሃብተገርግሽ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ደቁ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ለምለም ተስፋሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኪዳና ተስፋሚካኤል ክፍለ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሙቐት መርሃጽዮን ወልዱ ምባል ተረፉ፡ ምቀት እምሃጽዮን ወልዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰላስ ተስፎም ሃብተማርያም ምባል ተረፉ፡ ኣዞሚት ተስፎም ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረህይወት ሙብራህቱ ጸጌ፡ ኣደይ ትርሓስ ተኽለሚካኤል ሃብቱ ስለዝተሰወኣት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃገር እስቲፋኖስ ቃልኣብ ምባል ተረፉ፡ ሃገር ፍስሓጼን ቃልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ሚከኤል ሃንስ ሳህለ ምባል ተረፉ፡ ምከኤለ የውሃንስ ሳህለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትብለጽ ወልዳይ ክፍሉ፡ ብዓል ቤተይ በረኸት ተስፋማርያም ሀብታይ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 10 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ወ/ሮ ኣሶማይት ገብረእግዚኣብሔር ኣርኣያ፡ ኣቦይ ገብረእግዚኣብሔር ኣርኣያ ተስፋገርግሽ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበልኩ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሸሪዓ ዓሰብ

ኣቶ መሓመድ ዓብደላ ዓሊ፡ ኣደይ ጆሚላ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ቤ/ፍ ሸሪዓ ዓሰብ ይቕረብ።

### ምልክታ ጨረታ

ኮርፖረሽን ኤለክትሪሲቲ ኤርትራ፡ ኣብ ጨንፈር ምጽዋዕ ዓሰብ መዙሓሊ ኣየርኮንደሽን ከምኡ'ውን ፍርጅ ዘቢታውን ኢንዳስትሪውን ጽገና ንምግባር ኣውዳዲሩ ክጸግን ስለ ዝደለየ፣ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ብዘሎ ረቛሒታት ኣማለኦም ተጫረትቲ ክቐርቡ ንሕብር።

ተጫረትቲ ከማልእዎም ዝግብኦ ነጥብታት

1. መጀመርታ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋጋን ግብሪ ናይ 2024 ዝኸፈሉን
2. መኽበሪ ጨረታ 10,000 (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ዝምለስ CPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ክትሕዙ
3. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን። ንጽባሒቱ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰዓት 10.00 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝረኸብሉ ይኽፈት።
4. መጫረቲ ሰነድ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድግን መኽዝንን ቁጽሪ 56 መጺእኩም ትወስዱ። ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ቴሌፎን 125363 ተወከሱ።

---

ኣመልካቲ ደበሳይ ግርማጼን ሃብተማርያም፡ ኣብ ገዛ ጥንዳ ዝበን ሰንቀይ ፕሎት 13 ፓርሰል G ብቑጽሪ ንብረት 1003047 ተመዝጊቡ ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ምስክር ዋንነት ሊብሬቶ ስለዝጠፈኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ኣለኹ ዝበል እንተሎ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07128851 ይሓብረኒ። እንተዘይሓይሩ ግን ቅዳሕ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ደበሳይ ግርማጼን

---

ወ/ሮ ሰምሃር በየን ተወልደ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ ጎማ መኪናን ባዝርን ንግዳዊ ትካለን፡ "ንፍታሌም መሸጢ ጎማ መኪናን ባዝርን" (NFT-ALIEM RETAIL OF TYRES AND BATTERY) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝገቦ ንፈልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ የዱት በረኸት ግርማጼን፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጢ ኣቑሑ ገዛ ንግዳዊ ትካለን፡ "ድልየትና መሸጢ ኣቑሑ ገዛ" (DLYETNA HOUSE-HOLD APPLIANCES) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝገቦ ንፈልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

# ዛዕባ ሎሚ

## “ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሰበብ ጂኦ-ፖለቲካ ክልተ-ማያት’’

<u>ኣማኑኤል ዘካርያስ</u>

(2ይ ክፋል)

ብጸዕቂ ክደጋገም ዝጸንሐ፡ ዓሰብ፡ በርበራ፡ ዘይላ…ወዘተ. ልኡላዊ መትሓላለፊ ኢትዮጵያ ናብ ገምገም ባሕሪ እዩ ዝዓይነቱ ብሀለዉታት ኣሎ። እዚ ልኡላዊ መዝርዕ ጕርብቡቲ ሃገራት ክዘርግ ዝሕልን መግለጺታት ሰብስልጣን ሰልፊ ብልጽግና፡ እቲ ኣብ መፋርቕ 2024 ንህዝቢ ወግዓዊ ዝኾነ ንድፊ ፖለሲ ሰልፊ ብልጽግና ኣብ ኣተሓሕዛ ክልተ-ማያት (ሩባ ኣባይን ቀይሕ ባሕርን) ብቐፅ መወከሲ ናደዚ ዓንዳሪ ዞባዊ ፖለሲ'ዚ ክኾና ዝኽእል እዩ።

በዚ ፖለሲ'ዚ መሰረት፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ንሓበሳ ከም ርእሱ ምምሕዳር እትቕበል ዞባ ሶማሊላንድን ኣብ ባሕቲ ጥሪ 2024 ድሕሪ ዝተፈረመ ናይ መረዳእታ ውዕል፡ እቲ ዘሙት፡ ብኹሉ ማእዝናትን ደረጃታትን ክፀድ ተወሲኑ። እቲ ብ1 ጥሪ 2024 ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ምምሕዳር ሶማሊ-ላንድን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኢትዮጵያ ኣብ ስትራተጂያዊት ወደብ በርበራ መሰል ዋንነት ዘፍቅድ መዝክር፣ ሃንደበት ምስ ምምጻእ ቀዳማይ ሚኒስተር ሰልፊ ብልጽግና ዝመጸአ ዘይነቱ ውጽኢት ናይቲ ካብ ስርዓት ናብ ስርዓት ክወራረስ ዝጸንሐ ንጉእ ጂኦግራፍያዊ ተቓውሞ መዳውብቲ ሃገራት ኢትዮጵያ ዘንጸባርቕ እዩ። ቀዳማይ ሚኒስተር ብጽልግና፡ ኣብቲ ብ14 ጥቅምቲ 2023 ንኣባላት ፓርላማኡ ዝሃቦ ናይ ጂኦግራፍ ኣስተምህሮ፣ ናይ ቤተሰብ ዝምድና፡ ቁጠባ፡ ጸጥታን ብዘሎ ህዝቢን ምስዕማት ብምዝርዛር፡ ኢትዮጵያ ጉዳይ ጂኦግራፍያዊ ማሕዩር ክትከውን መንግስቱ ፍቓደኛ ከምዘይከውን እዩ ብወግዒ ኣፍሊጡ፡ ‘ሎሚ እንተዘይተፈጸመ ከኣ ናይ ጽባሕ ወለዶታት ይፍጽምዎ’ ክብል ተናኺሱን ተጐጕዩን ዘረባ ደርጊዩ።

ቀንዲ ሕመረት መደረኡ፡ ልክዕ ከምቲ ድሒሩ'ውን በቲ ብሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዝተወሃሃደ ትካላዊ ሰነድ ኣቢሉ ስትራተጂ ምትእስሳር ክልተ-ማያት ከምዝተገለጸ፡ ጋማ ክልተ ዓበይቲ ጂኡ-ፖለቲካውያን ረጃሒታት ኣሰርካ ድማ፡ ኣርሓ ንእሳን ዞባታት ሰሜን ኣፍሪቃን ማእከላይ ምብራቕን ንምኹኣን ዝወጠነ እዩ። ሰብስልጣን ብልጽግና፡ ኢትዮጵያ ልክዕ ከም ተሓዚ ዝሰኣነ ዓንተር ጓዕ፡ ክሳድ ፈለግ ኒል ሓኒቓን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣሳፊሓን ሃገራት ንሽኽን ሕለፉ ንሽኽን ጸንሓ ኢላ እትእዝዘ ሓያል ንኽትዕብርዋ እዩ ሕልሞም።

እዚ ሕልሚ'ዚ፡ ስጋ ክለብሰን ብመላእ ህዝቦታት ዞባን ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ተቐባልነት ንክረኽበን ድማ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ዝበሃሉ ዘሎ ኮይኑ ንረኽቦ፡ እቶም መወከሲታት ዝኾኑ ሰነዳትን ኣስተምህሮታትን ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። ከም ኣወራ መወከሲ ተወሲዱ ዘሎ፡ እቲ ኣብ ብርክት ዝበሉ ጽሑፋት ናይታ ሃገር እንረኽቦ ብዙሓት ቀለም ቀመሳት ኢትዮጵያውያን



ዝሰበኩሉ ዘለው፡ ኢትዮጵያ ጸጋታታን ጸጋታት ጕርብቤታን ተጠቒማ ‘ኣርሓ ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃን ኪኾኑን’ ክትከውን ዝእምም ናይ ምግባት ኣስተምህሮታት እዩ። “ንኢትዮጵያ ዝቈጻጸር ሓይሊ፡ ንሱዳንን ግብጽን ሓዊሱ ንፈለግ ኒል ይቈጻጸር፣ ፈለግ ኒልን ግብጽን ዝተቘጻጸረ ሓይሊ ድማ መትረብ ስወጽ ይቈጻጸር፣ መትረብ ስወጽ ዝተቘጻጸረ ከኣ ንዓለም ይቈጻጸር፣” ዝኣተናኡ ሕልሚ እዩ። እዚ ሕልሚ'ዚ ናብ ተግባር ክልወጥ ድማ፡ ጋዜጠኛታትን ትካላትዜናን ናይ'ታ ሃገር ክጕሳገሱሉን፣ ልሂቃንን ዝምልከቶም ሰብሞያን ኑቲ ገስጓስ ከዐምሩዎ ዕዮ ተዋሂብዎም ይሰርሕሉ ኣለው። ናይ ወጻኢ ልኡኻት ብልጽግና፡ ኣብ ሃገራትን ዓለም-ለኸ ውድባትን ዲፕሎማስያዊ ዘሙት ከካይዱሉን ህዝቢ ከም ዝቕሓሉ ክዋገርን ድማ ተብተብ ይብሃል ኣሎ። ከምቲ “ሸኾና ሓቂ ክሳዕ ስራ'ኽ ጫማኣ እትኣስር፣ ሸኾና ሓሶት ፍርቂ መገዲ በጺሓቶ ኣላ” ዝብሃል ሰብት ንምድንጋር፣ እዚ ናይ ሓሶት ዘሙት'ዚ ብሓያልን ሰፊሕን ውዳበ ካብ መራኸቢ ብዙሃን ክሳዕ ዓበይቲ ሰብስልጣን መንግስትን ኣካዳምያን፡ ማእከላት መጽናዕትን ሱ-ጥበበኛታትን ብትግሃትን ብልዑል ቅልጣፈን ከምዝዘብዝሕዎ ይግበር ኣሎ።

ኢትዮጵያ፣ ሓንቲ ካብተን 40 ዝኾና ኣፍደገ ባሕሪ ዘይብለን ሃገራት ዓለም እያ። ተመጣጢራ ን39 ዓመታት ዝኸበጠቶ ወደብ ገዲፍኑ፡ ኣብ ታሪኻ ወደብ ይኹን ደሴት ወኒና ኣይትፈልጥን። ብዙሓት ካብተን ናብ ባሕሪ ይኹን ወቕያኖስ መውጽኢ ዘይብለን ሃገራት ዓለም፡ ካብ ገምገም ባሕሪ ኣዝዩን ዝተፈንተታ ክነሰን፡ ኣብ ቁጠባ ዓለም ወሳኒ ተራ ዝጻወታ ጥራይ ዘይኮና፡ ባሕራኣልቦ ምኳን ዝተቐበላን ሕጋዊ ኣማራጺታት ዘማዕበላን ሃገራት እየን። ኢትዮጵያ ግና፡ ብመንጽር ናብ ገምገም ባሕሪ ዘለዋ ራሕቂ፣ ባሕሪ ዘይብላ ግን ከኣ ‘ኣዚያ ዕድለኛ’ ዝበላ ጂኦግራፍያዊ ጸጋ ዝተዓደላ ሃገር እያ። ብሸነኽ ምብራቕን ሰሜናዊ ምብራቕን ኢትዮጵያ፡ ብቑዓት ናይ ንግዲ መማረጺታት ወደባት ጅቡቲ፡ ኤርትራ፡ ሶማልን ሱዳንን ኣለውኣ። ደቡባዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር'ውን እንተኾነ ወደባት ኬንያ ክጥቀም ዝኽእል እዩ።

ካብቲ ኣብ 2016 ከም ዝሰፍሐ ዝተገብረ ሎጂስቲክ መጕዓዝያ ባሕሪ ኢትዮጵያ ዝተረኽበ ሓበሬታ ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ ሸሞንተ ከበቢታት ናይ'ታ ሃገር (ሞጆ፡ ጌላን፡ መቐለ፡ ኮምቦልቻ፡ ሰመራ፡ ድሬዳዋ፡ ቃሊቲን ወረታን) ንቑጽ-ወደባት ዝሃነጸት ኢትዮጵያ፡ ኣብ 2025፥ 250 ሚልዮን ዶላር ዝውድኣ ሽዱሽተ ናይ ጽዕነት መራኽብ ክትግዝእ ተወዲኣ ነይሩ።

ከም ናይ ጀርመኑ ፈረንሳን ቻይናን ኢማራትን ዝኣመሰላ ናይ መጕዓዝያ ትካላት ካብ ቀንዲ መሻርኽቲ ኢትዮጵያ ኮይነን፡ እዚ ምትእስሳር ናብቲ ናይ ባሕሪ ሃገር ንምግባራ ዝሰርሓሉ ዘሎ ዞባዊ ዕላማ ዘጸጸረ ምኽንያት ኣብ ጸጸባሕ ዝኽሰት ዘሎ ምዕባሌታት ዘረጋግጾ ሓቂ እዩ። ኣብ ሓደ ክፋል ናይ ዶብታ፡ ካብ 70 ማይል ዘይበዝሕ ርሕቀት ካብ ገምገም ባሕሪ ዘለዋ ሃገር፣ ናይ ጂኦግራፍ እሰርቲ ‘Land Locked’ ድያስ ዋላስ ናይ ጂኦግራፍ ተወህቦ ዝዓዘዘ ‘Land Linked’ ሃገር፣ ዕዳጋታት ኢትዮጵያ፡ ምስ ዘመናዊ ንግዲ ካብ ዝተኣሳሰሩ ዕዳጋታት ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ እቲ ብቕዳምነት ዝጥቀስ እዩ። ኣብ ታሪኽ ንግዲ እታ ሃገር ልዑል ኣተኩሮ ዝወሃቦ መገዲ ባቡር ኢትዮጵያ-ጅቡቲ ኣብ 1917 እዩ ተሃኒጹ። እዚ ተራእዩ ዘይፈልጥ ታሪኻዊ ዕድል ዝተቓደሰ ቁጠባ፡ ድሕረቱን ውድቀቱን ንኣሰታት 100 ዓመታት ምስ ናይ ጂኦግራፍ ማእሰርቲ ክተኣሳሰር ሰውመኾታዊ ደዩ፧

ኢትዮጵያ፡ ምስ ሓቀኛ ጂኦግራፊያዊ ደረታ ኣብ 1993 ፊት ንፊት ምስ ተራኸበት፡ ባሕራዊ መሓውራታ ሓንሳብን ንሓዋሩን ናብ ወህብ ሕጋዊ ኸኤታ ተመለሱ እዩ። ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ'ውን ኣብ 1996 ብወግዒ ፈረሱ እዩ። ምንቅስቓስ ጸረ ወህብ መግዛእታዊ ልኡላዊ ኸኤታ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ እምበኣር፡ ኣብ 2018 እዩ ዝያዳ ተገሃሂሩ። ብሰነ 2018 ንኣዘዘቲ ሰራዊት ኢትዮጵያ መግለጺ ዝሃበ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ሃገሩ ረብሓታታን ሃገራዊ ጸጥታኣን ንምዕቃብ፡ ሓንቲ ካብተን ኣብ ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን ወተሃደራዊ መዓስከር ዘለወን ሃገራት ክትከውን ኣጉዳሲ ምኻኑ ብወግዒ ኣዊጁ። ኣብ 2021 ኣብ ዝሃቦ ተወሳኺ መግለጺ ድማ ሃገሩ ኣብ ዓመተ 2050 ሓንቲ ካብ ክልተ ርእሰ-ሓያላን ዓለምና ክትከውን ምኳና ተሓንጸ። ኑቲ ጸሊሕ ኣቢሲንያዊ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕልሚን ኣተሓሳስባን ከምዝለዎ ምርዓሙ ብቓሉ ኣረጋጊጹ።

ኣብ እዋኑ፡ ገለ ካብ ዲፕሎማስኛታት ሃገራት ምዕራብ ስለምንታይ፧ ኢሎም ናብ ገለ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰልፊ ብልጽግና ምስ ሓተቱ ዝተዋህቦም መግለጺ ኣሎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኢትዮጵያ ዝነበረ ኣቶ ኣብራሃም በላይ፡ ሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ኣብ ኂ ሓይሊ ባሕሪ ካልኦት ሃገራት ብምስሳፍ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ኣንጻር ዕጡቕ ጉጅለ ሖቲ ንምውጋእ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ምህላዉ እዩ ገሊጹ።

ካብ ሃገራት ዓለም ብጸጋ ማይ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስረዓ ሃገራት ጥቓስ እንተተባሂሉ፡ ኢትዮጵያ ካብዞን ብቐደምነት ዝመርሓ ሃገራት እያ። ብውሕዱ፡ ክሳዕ 11 ዝጽሕ ተፋሰስ ሩባታት ዘለዋ ሃገር እያ። ሽዉዓተ ካብኣቶም ዶብ ሰጊሮም ናብ ጕርብቡቲ ሃገራት ዝኾሙ ክኾኑ እንከለው፡ እቶም ዝተረፉ ግና ኣብ ውሽጢ መሬት ኢትዮጵያ ዝስተዩ እዮም። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብ ኣውራ ኣተኩሮ ናይ ግዱም ተበለጽቲ ዝኾነ ረጃሒ፡ እቲ ኢትዮጵያ እትውንኖ ሰፊሕን ልሙዕን ናይ ሕርሻ መሬት እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ግና ዕድለኛ ህዝቢ ኣይኮነን ክትብሎ ዘደፍር፡ ጠለባቱን ጠለባት ሰቡ ሰልጣኑን ሕቖን ከብድን ኮይኑ ምህላዉ እዩ። ናይ ማይ ኣርሓ ሃገር ክትከውን ኣንቂዳ ዘላ ኢትዮጵያ፡ ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝባ እቲ 17% ጥራይ እዩ ጽሩይ ዝስተ ማይ ተዋዲድሉ ዝርከብ፡ ካብ ጠቕላላ ዝሕረስ መሬት፡ እቲ 3% ጥራይ እዩ ብመስኖኣዊ ሕርሻ ዝለምዕ። ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ እቶም 15 ሚልዮን ንምሕር ጥሜትን ዓጸቦን ዝተቓልዑ እዮም። እቲ ዝርዝራት ኣዝዩ ብዙሕ እኳ እንተኾነ፡ ኑታ ኣባይ ገዲፉ ወደባት ወሲና ጉብለል ክትከውን እትመጣጠር ዘላ ሃገር ናብ ክውንነት ክትምለስ ዘገድዱ ግህዶታት ኣዝዮም ብዙሓት እዮም።

ኣብ ብዙሕ መዋዕቲ ታሪኽ ከምእንረኽቦ፡ ካብ ከበሳታት ኢትዮጵያ ዝምንጩ ሩባ ኣባይ፡ ካብ ኢትዮጵያ ሰጊሩ ናብይ ከምዝኸይድ እንዶ ዝዘብሮ ሓይሊ ነይሩ ዝብል ኣካል እንተደኣዛልዩ፡ ጭብጥ መወከሲ ኣዳልዩ ክማጎት ይኽእል እዩ። ክሳብ'ዚ ቀረባ ግዜያት ድማ፡ ‘ኣንታ'ዚ ኣባይ'ሲ ዕረፍቲ ዘይብሉ ተጓዕዛይ ክንሱ፡ ዝ ኩሉ ተሰኪምዎ ዝኸይድ ዘሎ ጕንዲ ኣባይ ኮን ይወስዶ ይኸውን’ ተባሂሉ ይምስለሉ ነበረ። ጥንታዊ ሕብረተሰብ ግብጺ እውን እንተኾነ ቀንዲ ምንጪ ፈለግ ኒል ካብይ ምኻኑ ወድዓዊ ኣፍልጦ ዘይነበሮ ምኻኑ መዋዕቲ ታሪኽ ይሕብሩ። ኑቲ ካብ ኣፍ ጣኢታዊ ኣምላኽ ፕታህ ከም ዝወጸእ ዘእምን ሃይማኖታዊ መረዳእታ እንክይዘንጋዕካ ማለት'ዩ። ናይ ላዕላይ ዛራን ታሕታይ ዛራን ህዝቦታት፡ ንፈለግ ኒል ክኸዉ ወህብ ኮኑት ናብ መንፈሳውነት፡ ስልጣኑ በዞርነትን በረኸትን የተሓሓዙዎ ምንባርም ዝፍለጥ እዩ። ኣብ ክልቲኡ ዛራታት ብዛዕባ ፈለግ ኒል ዝጸወ ኣፈ-ታሪኽ ካብቲ ክንግምቶ እንኽእል ዝሰፈሐን ዝዖሞቔን እዩ።

ካብ ዋና መንቀራቕሮ ንወህድ ሱ-ማሕደሮኣውን ቁጠባውን መፍትሒታት እምበኣር እዚ ኣመላኻኽታ'ዚ ምኻኑ ይንገረለ። ቅንዑነትን ጥበብን ናይቶም ናብ ዘላቒ ፍታሕ ዝወፍሩ ፖለቲካውያን ሓይልታት ድማ በዚ መረዳእታ'ዚ ዝተገዝአ እዩ። መግዛእታዊ ጌጋታት ከምዝለዎ እናደገሞ፡ ከመይ ኣብልካ እዩ ፍትሓውን ተማላእን ተኻፋልነት ጸጋ ማይ ምርግጋጽ ዝከኣል፧

ይቕጽል . . .

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## "ፍቕርን ሕውነትን ከነትርፍ፡ ምሕረት ጌርና ኣለና" ስድራቤት መዋቲ

ጌጋ መናብርቲ ደቂሱብ ክሳብ ዝኸሉ ኣብ ዕለታዊ ሂወትና ክንጋገን ክንብድልን ንብር'ዩ። ስለዚ፡ ኣብ መንገና ፍቕርን ምሕረትን ክህልወና ንግደድ። ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዙሓት መዳርግቲ ዘይብሎም ክብርታት ከምዘለዉ ኩልና እንፈልጦ ሓቂ'ዩ። እዞም ማዘና ኣልቦ ዝኾኑ ክብርታት፡ ናብ ወለዶ ንምስግጋርም ከኣ ሓላፍነት ኩሉ ይኸውን። ሓደ ካብዞም ንጽባቐ ሕብረተሰብና ኣጕሊሖም ዘርእዩ ክብርታት፡ ድንገት ኣብ ዘጋጥም ሞት ዝዋበር ኣጕዚብ ምሕረትን ዕርቅን'ዩ። ቀጺልና፡ ኑየም ዝ. ረዚን ባህሊ'ዚ ዘተግብርዎ መርኣያ ክብረቶምን ርዙቶምን ስለዝኾኑ ቀጺልዎ ንምግላጽ፡ ብሰናይ ድሌትን ምርድዳእን ስድራቤት መዋቲ ብምዕሩግ ኣጕዚብ ዕርቂን ምሕረትን ናይ ዝደቀሰ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ነስዓብልኩም።

እቲ ናይ ሞት ሓደጋ ኣብ ኣስመራ - ቀሓውታ ከባቢ ሓለብት'ዩ ብዕለት 17 ሓምለ 2025 ሰዓት ትሸዓተ ናይ ምሸት ኣጋጢሙ። መራሒ ማኪና ዝነበረ መንእሰይ መሓመድ ፈራሕ መሓመድሰዒድ፡ ብጽዓሩ ይገዓዝ ንዝነበረ መንእሰይ የውሃንስ በርሀ ጿጋይ፡ ብማኪና ሃሪሙ'ዩ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣውሪዱሉ። መንእሰይ የውሃንስ በርሀ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝወረደ ሓደጋ ሕክምናኺ እንተተረኸበ ክሰርር ግን ኣይከኣለን ዓሪፉ፡ ንጽባሒቱ ዕለት 18 ሓምለ 2025 ከኣ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ - ጸጸራት ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት ሓመድ



ኣቶ ፈራሕ መሓመድሰዒድ

ኣዳም ለቢሱ። ፈጻሚ ሓደጋ'ውን ብኣላ ምሕረት ስድራቤት መዋቲ ኣብ ሰሙኑ ካብ ቤት ማእሰርቲ ብዋሕስ ከምዝወጸእ ተገይሩ። ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ብዘይምቁራጽ ዝተሳተፉዎ ንብር ሓዘን ድማ ኣብ እንዳ ኣቶ በርሀ ጿጋይ ተፈጺሙ።

እዚ ዝተፈጸመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ብኽልቲኦም ስድራቤታት ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብዕለት፡ ብ18 ታሕሳስ 2025፡ ኣብ መንጎኦም ክልተ ስድራቤታት፡ ካህናት፡ መሻይኽን ቤተሰብ ክልቲኡ ስድራቤትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ወግዓዊ ናይ ዕርቂ ስነስርዓት ተፈጺሙ። ኑቲ ናይ ዕርቂ መደብ ብጸሎት ዝኸፈቱ ካብ ስድራቤት መዋቲ ቀሺ. ፍረዝጊ ገብረኣብ ኮይኖም፡ ተቓጺሮም ምርኻቦም ንፈጣሪ ድሕሪ ምምስጋኑ ስድራቤት መዋቲ፡ ኑታ ኣብ ምድሪ ኮነ ኣብ ሰማይ መለክዒ ዘይብላ ምሕረት ምምራጾም፡ መርኣያ እምነቶምን ብሆገር ደረጃ ዝዋለጽ ኣቤታዊ ቅዱስ ተግባሮምን ምዃኑ ሓቢሮም። ቀሺ. ፍረዝጊ ኣሰዒቦም፡ ሓድነትን ፍቕርን ህዝቢ ኤርትራ፡ "እቶት ሓንቲ ግራትን ጸብ ሓንቲ ላምን" ምዃኑ ጠቒሶም፡ እዚ ኸኣ ሰብ መርኣያ ጸቡቕ ኣብነት ዝኾነ ብስድራቤ መዋቲ ተገይሩ ዘሎ ናይ ዕርቅን ምሕረትን ተግባር ከኣ፡ ሓቂ ዘጽብርቕ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።

ካብኡ ቀጺሉ፡ ካብ ቤተሰብ መዋቲ ኣቶ ተወልደ የውሃንስ'ዩ ናይ ዕርቅን ምሕረትን ቃል ተዛሪቡ። ኣቶ ተወልደ፡ "ምሕረት ምግባር ኣሸጋሪ ንፈጻሚ ገበኑ ንሰማዒኡ ከይተረፈ'ዩ ባህታን ፍስሃን ዝፈጥር። ኣምላኽ'ውን ምሕረት ክንገብርን ክንዕረቕን እዩ ዝእዝዘና። ሕጂ ከኣ ወድና የውሃንስ በርሀ ክቕተል ወድና መንእሰይ መሓመድ ፈራሕ ድማ ክቕትል ኣይተራኸቡን። ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ንሸኻትኩም ከኣ ካብታ የውሃንስ ወድና ዝሞተላ ኣትሒዝኩም ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ካብና ከይተፈለኹም ብጣዕሚ ስለ ዝደበስኩምና የቐንየልና። ዘርኣኹምና ሕያውነትን ሽን ደበሰና'ዩ። ካብ'ዚ ዝበርኩምዎ ዝዓቢ ደበስን ምጉያይን የለን። ገዚብ ዝነብረልካ የብሉን፡ ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን ከምጽኣልካ'ውን ኣይክእልን። ካብ ገዚብ ግን ፍቕርን ምሕረትን ይዓቢ። ስለዚ፡ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና፡ ምልእ ጸጋዎት'ውን ይሃበና" ኢሉ።

ካብ ስድራቤት መዋቲ፡ ኣቶ ብርሃ መንገሻ ኣሰዒቡ፡ "ብሰንክ'ቲ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ኣዚና ኢና ሓዚንና። ይኹን'ምበር፡ እቲ ፍጻመ ምስ ኣጋጠመ ተኣኪብናን መኸርናን ኑቲ ጉዳይ ብዕርቅን ምሕረትን ክንዛዘሞ ምብቃዕና፡ ኣዚዩ ዘደሰቕ'ዩ። ዕርቅን ምሕረትን ድማ ንሰብ መለለዩኡን ግርማኡን ስለ ዝኾና፡ እዚ ተወሰዱ ዘሎ ተግባር፡ ንኹሉ ኣብነት'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብሰሜን ይሃሉ ብደቡብ፡ ብምብራቕ ይሃሉ ብምዕራብ፡ ሓድነቱን ፍቕሩን ከም ማይን ጸጠን ስለ ዝኾነ፡ እዚ ተገይሩ ዘሎ ዕርቂ ካብኡ ዝበገስ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ነዚ ዕርቅን ምሕረትን ዝገበሩ ንመዋቲ ወለዱ ኣቶ በርሀ ጿጋይን ወ/ሮ ቅደሰቲ ሃብታይን ስሉቲ ሰብን ፈጣርን ዝፈትዎ ውሳነ ምውሳዶም፡ ብልቢ ኣመስግኖም" ኢሉ።

ብምቕጻል፡ ሌቦ ኪዳ ተኽለልደት፡ ኣቶ ኣሚን መሃዝልን ኣቶ ተኽለ ምሕረትኣብን ብወገኖም፡ "የውሃንስ ወድና ኣብ'ዚ ልጊዜ ዕድመኡ ብኽምዚ ኣጕዚብ ካብ መንገና ምፍላዩ፡ ኣመና'ኳ ኣሕዚኑና እንተሎ፡ ኣምላኽ ዝሃቦ ግን ኣይምለሰን'ዩ። ሕጂ ከኣ ወድና መሓመድ ፈራሕ ኮነ ኢሉ ንየውሃንስ ክቕትል ኣይመጸን፡ የውሃንስ'ውን ክቕተል ኣይከደን - ዘይትሰዋር መዓልቲ'ያ ኣራኺባቶም። ኣብ መወዳእታ ግን፡ እቲ ጉዳይ፡ ሰብን እዝግን ብዝፈትዎ፡ ሕልናና ብዘቕስን፡ ንሃገርን ንህዝብን ድማ ብዘኹርዕ እምነትን ባህልን ዕርቂ ምፍጻሙ ዘሐብን'ዩ። ብወገኑ ዘጋጥሙ ናይ ሞት ሓደጋታት፡ ብኽምዚ ምዕሩግን ክብርን ኣጕዚብ ክዓርፉ እኽለዉ ድማ ንረኣይን ሰማዒን ዘሐጉስ ክብሪ ባህልና ስለ ዝኾነ ክዕቀብ ዘለዎ'ዩ" ኢሎም።

ንመዋቲ ወላዲኡ ኣቶ በርሀ ጿጋይ'ውን፡ ኑቲ ዝተፈጸመ ዕርቂ ኣመልኪቱ እዚ ዝስዕብ ቃል ኣሰሚዑ - "የውሃንስ ወደይ፡ ኣብ 35 ዘርያ ኮይኑ ወዲ 23 ዓመት'ዩ። ኣብ ንእሰ ዕድመኡ ምኽሳፉ ከኣ ከቢድ ሓዘን እሰምዓኒ። እንተኾነ፡ መሓመድ ወድና ክቕትል፡ የውሃንስ ወድና ድማ ክቕተል ኣይተራኸቡን፡ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰገር ስለዘይክእል'ዩ ሓደጋ ኣጋጢሙዎም። ሕጂ ከኣ ወደይ ብምሕረትን ፍቕርን ደኣ'ምበር፡ ብገንዘብ ስለ ዘይትመን፡ ገንዘብ'ውን ሕልናዊ ሩፍታን ደበስን ከምጽኣልና ስለ ዘይክእል፡ ምስ ብዓልቲ ቤተይን ደቀይን ቤተሰበይን



የውሃንስ በርሀ (መዋቲ)

ብዘዋዕአ ተላዚብና፡ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና። ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ጋር እናበልዐ ዝኸይድ ስለ ዘይኮነ ንሕና'ውን ካብ ባህልና ክንወጽእ ወይ ካብ እምነትና ክንርሕቕ ስለ ዘይብልና፡ እዚ ብሕግን ባህልን ሕብረተሰብ ኤርትራ ወርዙይ፡ ብእምነት ድማ ኣምላኽ ዝፈትዎ ናይ ዕርቅን ምሕረትን ውሳኔ ሂብና ኣለና። በዚ ከኣ ሕቡናትን ከሩዓትን ኢና።" ክብል ክልቲኦም ስድራቤታት ደሃይ ሓድሕድ ክፋለጡን ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ጉዳይ ክበጻጽሑን ተላበዩ። ካብ ወሸጥን ወጻእን ቴለፎን ብምድዋልን ብኣካል ብምምጻእን ዝጸናንዕዎም ቤተሰበን ፈተውትን ከኣ ልባዊ ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

ንመዋቲ ወላዲቱ ወ/ሮ ቅደሰቲ ሃብታይ ከኣ እዚ ዝስዕብ ሓጺር ናይ ምሕረት ቃል ኣሰሚዓ - "ብዓል ቤተይን ስድራቤትን ወዲኣሞ'የም። ምሕረት መውዳድርቲ ስለዘይብላ ኣቦ'ቲ ንዓም ዝበልዎ ዝወሰኾ ወይ ዘጕድሎ የብለይን። ኣምላኽ'ውን መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ'የም ስለ ዝበሉ፡ ምሓርና ኣለና። ብሕጂ ምስ ስድራቤት እንዳ ፈራሕ መሓመድሰዒድ ሳልሕ እንደልዮ፡ ፍቕርን ሰላምን ሕውነትን ጌርና፡ ኣብ በዓላት፡ ኣብ ንግደትን ዒድን ክንበጽጽሕ እዩ" ኢላ።

ብስድራቤት መዋቲ እኹል ናይ ዕርቅን ምሕረትን ቃል ምስ ቀረበ፡ ብወገን ምሕረት ዝተገበረሎም ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ'ዩ እዚ ዝስዕብ ናይ ምስጋና ቃል ተሰሚዑ። ፈለማ ኑቲ ዝተፈጸመ ስነስርዓት ዕርቂ ኣመልኪቶም ናይ ምስጋና ቃሎም ዘሰምዑ ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሓድጉ ገብረ እዮም። ኣቶ ሓድጉ፡ "ሰብ ብገንዘብ ዘይኻኣ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት እዩ ዝትመን። ንሸኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኸርኩምን መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸጋኹም ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ጌርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ድማ፡ ዝዘንትእለት መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩምን ኮይኑ ንወለዶታት ክዘንቶ'ዩ" ኢሎም።

ብምቕጻል፡ በቲ ዝተፈጸመ ስነስርዓት ዕርቂ ዝተሰምዖ ሩፍታን ባህታን ቃሉ ዘሰመዐ ወላዲ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ፈራሕ መሓመድሰዒድ ሳልሕ እዩ። ኣቶ ፈራሕ፡ "ሓደጋ ወዘቢ'ኳ እንተኾኑ በቲ ዘይተሓሰበ ፍጻመ ኣዚና ኢና ጉሂና፡ ግን ዘይምለስ ኮይኑና። ረቢ ግን ኣብኹም ኣብ ሕያዎት፡ ፈቃሪትን ምሕረት ዘቐድሙን ስድራቤት ስለዘውደቐና፡ ሩፍታ ተሰሚዑና። ኣፍኩም ክንመልእ ኣብ ዝተመላለስናሉ፡ ኑቲ ከቢድ ሓዘን ተጻዊርኩም ብጸቡቕ መልሓስን ጸቡቕ ግብርን ኢኹም ተቐቢልኩምና። ናይ ብሓቂ ከኣ ኣመስጊንና። እዚ፡ ሕውነት ክንተኽለሉን ፍቕሪ ክንትክኣሉን እዩ። ከምቲ 'ክብሪ ማጠን ኑቡሉ የኽብረካ' ዝተባህለ፡ 'ካባኹም እንደልዮ ነገር የለን፤ እቲ ንደልዮ ፍቕርን ሰላምን'ዩ' ኢልኩም፡ ኑቲ ጉዳይ ብዕርቂን ምሉእ ምሕረትን ምዝዛምኩም ከኣ፡ መርኣያ ክብረትኩምን ጭዋ ባህልናን ስለዝኾኑ ወትሩ እናተዘከርኩም ክትነብሩ ክንብረኩም'ዩ። ሂብኩምና ዘለኹም ምሕረት ድማ ብምድሪን ሰማይን ካብ ኣምላኽ ርኸቡዎ። ወሲድኩምዎ ዘለኹም ስጉምቲ ንሃገርናን ንህዝብናን ጸቡቕ ኣብነት ብምዃኑ ድማ ከሉ ዜጋ ክኽተሎ ዘለዎ ረዚን ኤርትራዊ ባህሊ'ዩ። ንመዋቲ ወድና መንእሰይ የውሃንስ በርሀ መንግስተ ሰማይ፡ ንኹልና ድማ ጸጋዎት ይሃበና - የቐንየልና ክብረት ይሃበልና" ክብል ቃሉ ኣሰሚዑ።

ሓወቦ ፈጻሚ ሓደጋ፡ ኣቶ ዓብደልረዛቕ መሓመድሰዒድ ሳልሕ ብወገኑ፡ በቲ ዝተፈጸመ ምዕሩግን ወርዙይን ስነ-ስርዓት ዕርቂ ሩፍታን ባህታን ከም ዝተሰምዖ ብምግላጽ፡ "ኣብ'ታ ወድና ሓደጋ ዝፈጸመላ ዕለት ጀሚርኩም፡ ክሳብ ሕጂ፡ ኣቀባብላኹም፡ ምቕሉልነትኩም፡ ትሕትናኹምን ፍቕርኹምን እምብዛ በዚሑና። ከጸናናዕኩም ዝመጻእና፡ ተመሊስኩም ኢኹም ኣጸናኒዕኩምና። ስለዚ፡ ንውዕለትኩም መግለጺ ዝኸውን ቃላት የብልናን። ሕጂ ከኣ የውሃንስ ወድና ብገንዘብ ዘይኻኣ ብሰላም፡ ብፍቕሪ፡ ብምሕረት ስለ ዝትመን ንሸኻትኩም ድማ ሓሲብኩምን መኸርኩምን መርኣያ እምነትኩም ዝኾነ ምሕረት ምምራጽኩም፡ ጸጋኹም ካብ ረቢ ርኸቡዎ ንብል። ጌርኩምዎ ዘለኹም ቅዱስ ተግባር ከኣ ዝዘንትእለት መግለጺ ክብረትኩምን እምነትኩም ኮይኑ ንወለዶታት ክዘንቶ'ዩ - የቐንየልና ክብረት



ኣቶ በርሀ ጿጋይ

ይሃበልና" ክብል፡ ኣመስጊኑ።

ካብ ወገን ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ቀለታ ወልደስላሴ ድማ፡ "እዚ፡ ተወሲዱ ዘሎ ምሕረት፡ መርኣያ ክብሪ ባህሊናን እምነትናን ኮይኑ፡ ምሕረትን ፍቕርን ካብ ኩሉ ነገር ዝዓቢ ምዃኑ ዘጸር'ዩ። በዚ ብስድራቤት ኣፍ/ር መንእሰይ የውሃንስ በርሀ ተፈጺሙ ዘሎ ንኣምላኽን ንሰብን ዘሐጉስ ሰናይ ተግባር ከኣ፡ ከርዓትን ሕልናዊ ቅሳነትን ይሰምዓና። ሰብ ኩይኑ ዘይብድል ስለዘየሎ፡ ንዝበደለካ ምሕረት ምግባር ከኣ፡ መርኣያ ልቦናን ፍቕርን ብምዃኑ፡ እዚ ክቡር ባህልና ክንዕቅቦን ናብ ዝቕጽል ወለዶ ንምስግጋሩ ክንደፍኣሉን ኣዘኻኽር። ከምኡ'ውን ንየውሃንስ ወድና መንግስተ ሰማይ፡ ንዓና ድማ ጸጋዎት ይሃበና" ክብል ገሊጹ። ወላዲት ፈጻሚ ሓደጋ ወ/ሮ ሰሚራ በኺት፡ ቤተሰብ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሓጎስ ኣብርሀ፡ ኣቶ ሰራጅ ጣሀር፡ ኣቶ መሓመድብርሃን ኑር ኣሕመድ ከምኡ ድማ ሸኽ ዓሊ ዓብዱ ብወገኖም፡ ስሉቲ ብስድራቤት መዋቲ ዝተገብረሎም ክብረት ዝመልኦ ምቕሉል ኣቀባብላ ከምኡ'ውን ምዕሩግ ኣጕዚብ ዕርቅን ምሕረትን ዝተሰምዖም ሩፍታን ባህታን ብምግላጽ፡ ፈጣሪ ንስድራቤት መዋቲ ጸጋዎት ክህቦምን ቡዩም ዝተረፉ ደቆም ክድንበሶምን ተመንዮም፡ እዚ ክቡር ባህልና ድማ ናብ ዝቕጽል ወለዶ መታን ክሰጋገር፡ ክዕቀበን ተላብዮም።

ሓላፊ ገበን ምክልኻል 7ይ መደበር ፖሊስ ተኸስተ ስብሃቱ'ውን ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ኑቲ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ ብናይ ዕርቅን ምሕረትን መንፈስ ተራኺቦም፡ ንሓድነትን ሰላምን ህዝቢ ኣብነት ብዝኾነ ኣገባብ መዕለቢ ክገብሩሉ ምኽኣሎም ደገፉን ምስጋናኡን ብምቕራብ፡ ተመሳሳሊ ሓደጋታት ንምጉዳል፡ መራሕቲ ተሸከርከርቲ ኣጋርን ሕጊ ትራፊክ ኣኽቢሮም ክንቀሳቐሱ ተላብዩ።

እቲ ናይ ዕርቂ ስነ ስርዓት ብምዕሩግ ኣጕዚብ ምስ ተፈጸመ፡ ክልቲኦም ስድራቤታት፡ ንዝተዳለወ እኽለ ማይ ብሓባር ምስ ተቛደሱ፡ ተመራሪቖም ተፈላልዮም።



ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ



ስድራቤት መዋቲ



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ሌላ ምስ ሓውሲ ከተማ ማይምን



ሓውሲ ከተማ ማይምን

ስእሊ፦ ኣቤል በረኸት

*ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንኹነታት ማሕበራዊ ከረምታዊ ሕርሻ፣ ትምህርቲ፣ ጥዕና ወዘተ ንእሳን ዞባታት ዓዲ-ኳላን ማይምንን ንምድህሳስ ናብዘን ንእሳን ዞባታት ብስራሕ ተንቀሳቒስና ነይርና። ኣብቲ ኢጋጥሚ፡ ወኪል ኣገልግሎት ዜናን ክልቲኤን ንእሳን ዞባታት፡ (ጉበረህይወት ተወልደ፡ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ንኡስ ዞባ ማይምን፡ ወ/ሮ ትርሓስ መንግስቱ ወኪል ኣገልግሎት ዜና ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ) ስራሕና ጀሚርና ብዘዋጽእ ክንፍጽም ካብ እግርና ከይተፈልዩ ዝገበሩልና ልዑል ምትሕብባርን ምድግጋፋትን ብስም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ነመስግኖም።*

***



ኣቶ ኣሚን ገብረማርያም

ወዲ 66 ዓመት ኣቶ ኣሚን ገብረማርያም፡ ኣብ ማይምን ተወሊዶም ዝዓበዩን ስራሕ ሕርሻ ወለዶም ተኸቲሎም ንእሽቶ ጀርዲን ወሲኾም ህይወቶም ብሕርሻ ዝመርሑን ሓደ ካብ ዓበይቲ ዓዲ ሓውሲ ከተማ ማይምን እዮም። ንሶም ኣብዚ ጽሑፍ፡ ሓውሲ ከተማ ማይምን ብኸመ ተደኲናን ኣብዚ ዘሎቶ ደረጃ ክትበጽሕ ዝበረ መድረኻት ብሓደ ወገን፡ ኣብዛ ተወሊዶም ዝዓበዩላ ኸኣውን ብሰላም ዝነብሩላ ዘለዉ ማይምን ዝኸርሞን ጦብላሕታኦምን ናይ ቁልዕነት ግዜኦም ከዕልሉና ምስ ተወከስናዮም፡ ብሓገሰን ክፉት ልቢን እዮም ተቐቢሎሙና። ማዕረ-ማዕረኡ ሽፋፍ ኢልካ ዘይሕለፍ ህዝቢ ኣገልግሎት ዝረኽቡሎም ኣብዛ ሓውሲ ከተማ ዝተደኮኑ ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ንግዳዊ ምንቅስቓሳትን እንታይ ይመስል? ምስ ኣካያዲት ስራሕ ናይ'ታ ሓውሲ ከተማ፡ ወይዘሮ ኣልጋይሽ ወልዱ፥ ዘየደናዮ ቃል-መሕተት ኣጣሚርና ክንዝርእ ኢና።

ብመሰረት መግለጺ ኣቶ ኣሚን፡ 'ማይምን' ማለት ትርጉሙ፡ 'ንምን' ንምከር፡ ንዘረ፡ ንረዳዳእ ከም ማለት ኮይኑ፥ ማይምን በርካ ኣብ ዝነበረትሉ፥ ሰብ ብጻዕቂ ክኹበራ ቀድሚ ምጅማሩ፥ ብዝበራ ጸጋ ዓበይቲ ኣግራብን ዘየቋርጽ ዛራ ማይን ነበርቲ ናይ'ቲ ከባቢ፡ ከም ማእከል ኩሉ መዲያዊ መዘናዩት፡ ብኡሳት ዝዕረቑሉን ዝሾማገሉሉን ቦታ ፍትሒን ርትዒን ይጥቀሙላ ብምንባሮም፡ በዚ ተደሪኾም ኢዚ ሒዙቶ ዘላ ማይምን ዝብል ስም ከምዝጠመቑዋ፡ ጸዋ ኣፈ-ታሪኽ ዓበይቲ ዓዲ የዘንቱ።

ማይምን ዝተመስረተትሉ ግዜ፡ ኣብ ኣከባቢ 1956 ወይ 57 ምዃኑ ይግለጽ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ብኣጻብዕ ጥራይ ዝቑጸሩ ውሑዳት ተቐማጦ ከምዝነበርዎ ድማ ይትረኽ። ቀድሚ 70 ዓመት እዚ ሎም ሓውሲ ከተማ ማይምን ተደኲናትሉ ዘላ ቦታ፡ ሰብ ዘይደፍሮ ሰፍራ በዐቲ ሳዕሪን ሲጋን እንስሳታት መሮር ብዘብዓይትዮም ኣግራብ ገለ ካብኦም መገቢ ሰብን እንስሳታትን ኣፅዋፍን ዘገልግሉ ሶጎኡ፡ ዳዕሮ፡ ምልዖ፡ መቐፀ፡ ጋባ መሳቒ... ዝርከብዎም ጣኻ ምንባሩ'ዩ ኣቶ ኣሚን ኣውጊዖሙና።

ሓውሲ ከተማ ማይምን፡ በዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ከም ቁሸት ድሕሪ ምድኳና፡ ነበርቲ ኣብ ከባቢኣ ዝርከብ ገጠር ዓዲታት፡ በጉ፡ ሽኮር፡ ሳሙና፡ ጊደሮን ካልእ ቀንጠመንጢን ሒዞም ገዛ ገዛ እናበዝሑ ዝሸቅጡ ውሑዳት ሸቃጦ ክቀላቐልዋ ጀሚሮም። ብኸምዚ ዝፈለመ ናብ ንግዲ ዝኣንፈተ ምንቅስቓስ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብርክት ዝበለ ዓዲታት ናይ'ቲ ከባቢ፡ ትሕዝቶኦን ሒዘን ናብኣ እናመጽኣ ክሸቓቕጣ ጀሚረን። ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ብዝሰምታ ዝጀመረ ማሰርሒ ንግዲ ማይምን ካብ ውሑዳት ዝቐማጡዋ ንእሽቶ ቁሸት፡ ማእከል ስሕበት ንግዲ ናይቲ ከባቢ ክትከውን ግዜ ኣይወሰደላን።

ኣቶ ኣሚን ኣብታ ተወሊዶም ዝዓበዩላ ገና'ውን ዝነብሩላ ዘለዉ ማይምን ምስ ናይ ቁልዕነት መዘኦም ብምዃን ክዘልሉን ክጻወቱን ዝሕለፍዎ ናይ ቁልዕነት ግዜኦምን ዕድመኦምን ንናይ ልዕሊ 60 ዓመት ድሕሪት ተመሊሶም ተዘክሮኦምን ጦብላሕታኦምን ከዕልሉናን ተወኪስናዮም ነይርና። ሕቶና ልቦም ግዲ ተንኪፍዎም፡ ዓይኖም ቀጽርጽር ኢልዎም ካብ ዘርባ ንኻልኢታት ዝነታ'የም መረጸም። ንሕና'ውን ዕምቆት ስምዒቶም ኣንቢብና፡ ናብ ውሳኦም ክሳብ ዝምለሱ ብህድኣት ኢና ተጸቢናዮም።

"ብኽልተ ሸነኻ (ብምዕራብን ምብራቕን) ዛ ናይ ሎም ሓውሲ ከተማ ማይምን ኣዋሰናማ ዝርከቡ ክልተ ሩባታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ደጋውብ መሐዝለሲ ዝበርም፡ ዓመት ምሉእ ዛራ ይፍለዮም ኣይነበረን። ንሕና ቈልዑ ኮይንና ምስ መሳቱና ንማሀ ቀረብና ካብ ገዛና ምስ ወጻእና፡ ክንሕንብስ ጸሓይ'ያ ትዓርበና ነይራ። ጥምዩት ይስመዓና ኣይነበረን፡ ጥምይ ክበለና እንከሎ፡ ጸገም ኣይነበረናን ዝደለናዮ ዓይነት ፍረ-መርር ጋባ፡ ኣገሊም፡ ዳዕሮ፡ ምልዖ ወዘተ በሊዕና ጥሜትና ንዐግስ ነይርና። በዚ ኢጋጣሚ ዘከረ ከዘንትዋ ዝደሊ፡ ዕድመይ 12 ዓመት ኣቢሉ ይኸውን ነይሩ። ከም ወትሩ ምስ መዛናይ ክሕንብስ ንወፍረልካ፡ ሃንደበት ኣይጥሕልን! ብጹቶይ ሳላ ዘኣወዩ ረዲኢ ረኺበ ካብ ሞት ንእኮላ ዝደሓንኩላ ፈጺመ ኣይርስዓን" ብምባል፡ ሓውሲ ከተማ ማይምን ብኸምዚ ሎም እንርእያ ብቑጥቋጥ ጫሀንዶግ ጥራይ ከይተባሕተት፡ ብምልዖ፡ ጋባ ቀልቋል፡ ዳዕሮ፡ ጨቓምጡ፡ ሶጎኡ፡ ዓንዴል፡ መቐፀ፡ ኑሓድሕዶም ዝተጠናነጉ ሞሳቑን ወዘተ፡ ብገረብ ዝተጨፈቐት (ጻዕቂ ገረብ ዝነበራ)፡ ሰቦት ብሓፈሻ ጓሶት ድማ ብፍላይ፡ ስልኸሉኽ እናበሉ ዝዘውሩላ ጸምጸም በረኻን ጫካን ምንባራ ብኣስተንትኖ ኣውጊዖሙና።

ማይምን፡ ብእንስሳታት ዘገዳም (ኣዛብዕ፡ ወኻሩ፡ ጉብል ወዘተ) ብጠዘለ. ኣራዊት ዝዑበዩላ መሮር'ያ ነይራ። ኣቶ ኣሚን ይዝክሩ፡ ዝጡበቡ ህጻን ኣብ ዝበዓሉ ወላዲቶም ገበል ነኸሱዋ፡ ኣብቲ እዋን ሕክምና ስለ ዘይነበረ፡ መርዚ ከይሓልፎ ተባሂሉ፡ ካብ ጉረቤቶም ኣዴ፡ ጠብዮም ከምዝዓበዩ ጸወዩሙልና። ኣብቲ እዋን ዝሓመመ ይኹን ብኣራዊት ዝተነኸሰ ሰብ፡ ኣብ ባህላዊ ፍወሳ ምርኩስ ዝገበረ 'ፊወሰይ ፈወሲ ዓሻ' ቀጻሉመጻሊ ጀፋፊዕ'ዩ ዝነበረ።

"ማይምን ጫካ ምንባራ ገለጽኩምልና። ዝበራ ጸጋ ኣግራብ ካብ መዓስ ጀሚሩ ክበርስን እቲ ከባቢ ክብድምን ጀሚሩ?" ንኣቶ ኣሚን ሕቶ ኣስዒብናሎም። ከም መብርሂኦም፡ ኣብ 1974ን 75ን ማይምን ከም ዕዳጋ ኮይና ከተገልግልን ሰብ ድማ ብጻዕቂ ክቕመጣን ምስ ጀመረ፡ ኣብ ግዜ ዕዳጋ፡ ኣብ ግዜ ዋዕላ ኮነ ዕርቅን ሽምግልናን ከም ኣዳራሽ መጽለሊ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ፡ መግቢ ሰብን ጥሪትን ብምዃን ክልተን ልዕለኡን ረቡሓን ጥቅሚን ዝበርም ኢዚ ኩሉ ኣማለኦም ዘገልግሉ ዝበሩ ዓበይቲ ኣግራብ ዳዕሮ፡ ጨቓምጡ፡ ሶጎኡ፡ ጋባ ወዘተ መፀቀላውያን ዓበይቲ ኣግራብ ክበርሱ ጀሚሮም። ካብኡ ናብኡ ቀንዲ ብርሰት ናይቲ ቦታ ኣብ ግዜ ስርዓት ደርግ'ዩ ነይሩ። ቀንዲ ምኽንያት ናይ'ዚ ድማ፡ ቡጠዙሓዝዮ ቀድመኻ ዝረኸብዮ ገረብ ሕጊ የለ ዓንብ ዝብል ዘዩሉ፡ ብዘይ ንሕስያ ምኽርታፍ ምስ ኮነ ዝተኸስተ እዩ። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ፡ ብዘይካ ጫሀንዶግ ካልእ ገረብ ዘይትርእየላ ከልካሊን ደጋፊን ዝሰኣነ ዓመት መጺ ፍርያም ሓመዳ ብቐሊሉ ብማይን ንፋስን ክበሕጉግ ንርእያ ኣለና።

ማእከል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ማይምን ዝኾነት ሓውሲ ከተማ ማይምን ተደኲናትሉ ዘላ ቦታ፡ መሬት ክልተ ማይቤታት (እንዳ ሞሲን ገብረክርስቶስን) ኮይኑ፥ ቤት ክርስትያን እንዳማርያም ናይታ ሓውሲ ከተማ ተደኲናትሉ ዘላ ቦታ ድማ፡ ብናይ ክልቲኦም ማይቤታት ምርድዳእ፡ ማዕረ ኣብ ዝበጽሖም ዶብ ክልቲኦም ክትደኮን ከምዝገበሩ ይዝንትዩ።

ማይምን፡ ማእከል ዕዳጋ ናይቲ ከባቢ ቀድሚ ምዃና፡ ሽም ዕዳጋ ተባሂሉም ንዕዳጋ ማይምን ዘኪይዱ ጥሻይ ወልደጊርግስ ዝተባሃሉ ካሪ ዓዲ ቀጢናኖም ነይሮም። ጥሻይ ወልደጊርግስ ብዘይካ'ዚ፡ ምስ ካብ'ቲ ከባቢ ዝተመርጹ ሽማግሌታት ዓዲታት እናተደጋገፉ፡ ብዓቕሞምን ብዘኽእልዎምን ጥቡብ ተጠቒሞም፡ ጢሻን መሬት ከተማን ይመርሑ ምንባሮም'ውን ይሕበር። ካብ'ዚ ዝተጠቕሰ ግዜ'ዚ ንደሓር፡ ካብ ገጠራት ዓዲታት ናይ'ቲ ከባቢ፡ ተመኩሮ ሸቐጥ ዝበርም ሰቦት ብሰፍሒ፡ መሸማዕ እናሓንጎበ ድማ እናዝርግሑ፥ በጉ፡ ሽኮር፡ ሳሙና፡ ጨውን ካልእን ብኣእዱግ ብሰከምን ኣብ ዕለተ ቀዳም ይሸቓቕጡ ምንባሮምን ካብኡ ጀሚራ ድማ ዕለተ ቀዳም ዕዳጋ ማይምን ኮይና ትቕጽል ኣላ።

***

ወይዘሮ ኣልጋይሽ ወልዱ፥ ኣካያዲት ስራሕ ናይታ ዝተፈላለያ ትካላት፡ (ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ምምሕዳርን ካልኦት ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ኣገልግሎትን) ተደኲናሙላ ናብ ምዕባለ እተቋምት ዘሎ ሐዳ ዝመሬታ ካብ ከባቢኣ ኣብ ሓውሲ ዕሙቕ ዝበለ ቦታ ዝተደኮነት ሓውሲ ከተማ ማይምን እያ። ንሓበሬታ ወ/ሮ ኣልጋሽ ምርኩስ ብምግባር፡ ሓውሲ ከተማ ማይምን ብስድራ 1080፥ ብትንፋስ ድማ 3429 ነበርቲ ኣለዉዋ። ካብዚኦም እቶም 25 ሚእታዊት ብንግዲ፡ ዝተረፉ ብዝተፈላለየ መንገዲ ህይወቶም ዝመርሑ እዮም። ሓውሲ ከተማ ማይምን ተደኲናትሉ ዘላ ቦታ ካብ ቀንዲ ሃገራዊ መስመር ኣስመራ - ዓዲ-ኳላ - ሪማ (ኢትዮጵያ) ግሉል'ዩ። ናብኣ ተጠሪኣ ክትበጽሓ እንተዘይ ኮይኑ፡ ንዕዳጋ ይኹን ካልእ እግሪ መገድኻ ኣላጊሳ ትብጽሓ ኣይኮነትን። በዚ ድማ ብፍላይ ምስ ንጥፈታት ዕዳጋ ዝተኣሳሰር፡ ብዙሕ ክትረብሓሉ ዝግብኣ ከም ዝጐደላ እዩም ነበርታ ዝዛረቡ። ኣብ መጻኢ ግን ኣብ ከባቢ ዶብ ምስ ምኻና (ምድኳና) ብልጽግቲ ከተማ ከምእትኸውን ይረኣየኒ።

መዓልቲ ዕዳጋ ሓውሲ ከተማ ማይምን ከምቲ ክብ ኢሉ ዝተጠቕሰ ቀዳም እዩ። ኣዛ ሓውሲ ከተማ ዘዋስና ዓዲታት 74 ዝበጽሓ'ኳ እንተኾና፡ ነበርተን ግን ኣብ ያታዊ ሕርሻ ዝተመርኮሰ ህይወት ስለዘለዎም፡ ኣብ ምዕባለ ናይ'ታ ሓውሲ ከተማ ዝጥቀስ ኣበርክቶ ክገብሩ ኣይጸንሑን። ነበርቲ ገጠራት ናይተን ዓዲታት ኣብ መዓልቲ ዕዳጋ ማይምን ከብቲ፡ ጠለብጠል፡ ደርሆ፡ እንቋቑሖ፡ ጠስሚ፡ መዓር ኣእካል ወዘተ. ሒዞም ብምምጻእ ኣብሲሎም ዘድልዮም ኣስቤዛ ይኸዱን ቀንጠመንጢ ሸሚቶም ናብ ዓዶም ይምለሱ።

ኣብዚ ብፍሉይ ክጥቀስ ዘለዎ፡ ዕደላ ኣብይቲ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ሓውሲ ከተማ ማይምን ደረጃ ዝኾድሎም ቀደም ዝተዓደሉ ምስ ምዃኖም፡ ኑቲ ዝህብዎ ኣገልግሎት ብምልኣት ዘጠቕዕ ኣይኮኑን። ኣብ ዝመጽእ ብማስተር ፕላን ዝተዋደደ መሬት ኣብ ዝዕደለሉ መልክዕን ግርማን ናይ'ታ ሓውሲ ከተማ ክልወጥ ድማ ተስፋ ነበርቲ'ዩ።

ኣብ መስርሕ ምንባር፡ ማይ ሓደ ካብ መሰረታዊ ጥሒታ'ዩ። ሓውሲ ከተማ ማይምን ድማ ተፈጥሮ ዝዓደላ ብኹሉ ሸነኻታ ዓመት ምሉእ ዛራ ማይ ዘይፍለያ'ያ። እንተኾነ ህዝቢ ንዝለ ማይ ከም ጸጋ ጠሚቱ ብመልክዕ ጀርዲን ኣብ ረብሓኡ ከውዕሎ ኣይከኣለን ዘሎ። ንብላሽ ክዛሪ ክትርእዮ ከለኻ ድማ ዘተሓሳስብ'ዩ። ስለዚ ህዝቢ ኣብዚ ነቒሑ ንዝለዎ ባህርያዊ ጸጋኡ ክጥቀመሉ ይግባእ።

ካልእ ምንጪ ዝሰተ ማይ ናይታ ሓውሲ ከተማ ከመይ ይመስል ክብርህ ስለ ዘለዎ፡ ንወ/ሮ ኣልጋሽ ተወኪስናያ ነይርና። ሰብ ክሰትዮ ብቐዓቱ ዘሰክፍ እንተዘይ ኮይኑ ማይምን ማይ መለእዋ'ዩ። ዝ. ዝተረድአ መንግስቲ፡ ንወገን ምብራቕ ናይታ ሓውሲ ከተማ ዝርከብ ሩባ፡ ኣብ ሰለስተ ቦታታት ብምኽታር፡ ኣብ ምዝዞም ዝርከቡ ሰለስተ ዓበይቲ ከዘንቲ ማይን ማዕረ-ማዕረኡ ናይ ኣስታት 500 ፊስቶ ማይ ዝሕዝ ሓደ ዓቢ ባሽካን ኣብ መስርሕ ህንጻት ይርከቡ ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ እዘን ዲጋታት ክልተ ድሪልን ሓንቲ 13 ሜትሮ ዝዕምቆታ ምኹዓት ናይታ ዒላ ኒታ ባሽካ ክትምጉበየ። ካብታ ባሽካ ኣብ ማእከል ናይታ ሓውሲ ከተማ ናብ ዝተሃንጹ ነቑጣታት መዐደሊ ማይ ሻምብቆታት ተዘርጊሖም ስለ ዘለዉ፡ ህዝቢ ጽሬቱ ዝተዋሕሰ ማይ ክሰቲ፡ ምስ ግዜን ምዕባለን ከኣ ነበርቲ መስመር ማይ ናብ መንበሪ ቤቶም ክትውዒ'ዩ ዘሎ መጻኢ ውጥን ናይ'ቲ መደብ። ወ/ሮ ኣልጋሽ፡ ንቶላሕታን ተበፃሕትን መንግስቲ ብስም ካቢ



ወይዘሮ ኣልጋነሽ ወልዱ

ሓወሲ ከተማ ማይምን ድሕሪ ምምስጋን፡ ምስ ምስፋሕ ናይ'ታ ሓውሲ ከተማ ሓንቲ ባሽካ ኣኻሊት ክትከውን ስለ ዘይትኽእል ግዱ፡ ተወሳኺት ካልኣይቲ ባሽካ ክትሰራሕ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረዲኣ።

ካልእ፡ ሰክፍታ ነበርቲ ማይምን ኮይኑ ዝቐጽል ዘሎ፡ ጉዳይ ዓይኒ-ምድሪ ዝምልከት'ዩ። ኣብታ ሓውሲ ከተማ ህዝባዊ ዓይኒ-ምድሪ የለን። ቦታ ጉሓፍ ተባሂሉ ዝተሰርዐ ቦታ ክህሉ ይግባእ ነይሩ። ኣብዚ'ውን ጸገም ኣሎ። እዚ ብምስትብሃል፡ ኣብ ኣወጋግናን ኣተኣላልያን ጉሓፍ እንታይ ኣገባብን ሜላን ይጥቀሙን ብኸመይ የማሕድርዎን? ንዝበል፡ ብመሰረት መግለጺ ወ/ሮ ኣልጋሽ፡ ቀድሚ ሕጂ ህዝቢ ኣብ ፈቐዶኡ'ዩ ዝኾሕፍን ዘቃጽልን ነይሩ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ መገዲ ብስራሕ ዝበል መደብ ምስ መጽአ ግን 'እንታይ ንግበር' ተባሂሉ ዘተ ተገይሩ። ጉሓፍ ኣብ ፈቐዶ ቦታ ካብ ዝኹሓፍ መስተሪ ዘገልግሉ ጉዳጉዲ ምኹዓት ከምዝድሊ ኣብ ምርድዳእ ተበጺሑ፣ 3 ሜትሮ ዕምቆት ዘለዎም 7 ጉዳጉዲ ከምዝኾዓቱ ተገይሩ። በዚ ድማ ኣብ ፈቐድኡ ናይ ምጉሓፍ ተርእዮ ግዝያዊ ፍታሕ ተረኺብሉ'ኳ እንተሎ፡ ዚ ዘይጥቀሙሉ እውን ስለ ዘለው፡ መሰረታዊ ፍታሕ ዘምጽእ ስራሕ የድሊ። ማዕረ-ማዕረ ናይ'ዚ፡ ህዝቢ ኣብ ኣገባብ ኣወጋግና ጉሓፍ ዘለዎ ንቕሓት ከዕብዩ ይንቀሳቐሱ ኣለዉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ህዝቢ ማይምን፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘተኮረ ወፈራዊ ማእቶት የካይድ'ዩ። ከም ወጽኢት ናይ'ዚ፡ ኒታ ሓውሲ ከተማ ዘዋስኑዋ ኮነ ብማእከላ ዝሰንጥቑዋ ዓበይቲ ሩባታት፡ ዝኸየድ ዘሎ ከትሪታት ናይ ምስራሕ ወፍሪ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር ኣሎ። ከም ወጽኢቱ ገማግም ናይ'ቶም ሩባታትን ከበቢኦምን ጠለለምን ኣግራብ ጸቢቑ በቒሎምን ይረኣዩ። ዝከናኸንዎም እንተድኣ ረኺቦም ድማ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ማይምን ግርማ ቀደማ ከምለስ ከምዝኽእል ይረኣየኒ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያ - ብመጥቃዕቲ ቦምባ 3 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ከተማ ሞስኮ - ሩስያ ብዘጋጠመ ኑትጉ ቦምቡ ክልተ ኣባላት ፖሊስ ትራፊክን ሓደ ተራ ሰብን ከም እተቐትሉ ተሓቢሩ።

እቶም ክልተ ኣባላት ፖሊስ ዝሓለፈ



ረቡዕ ኣጋ ምሸት ንሓደ ጥርጡር ክኣስሩ ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን እቲ ኑታጉ ከም እተፈንጀረ፡ መርማሪት ኮሚቴ ሩስያ ኣፍሊጣ።

እቶም ኣባላት ፖሊስ ናብቲ ኣብ ጥቓ ናይ ስራሕ መኪናኦም ዝበረ ጥርጡር ክቐርቡ ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን እቲ ፍንጀራ ከም ዘጋጠመ ድማ መግለጺ ናይ'ታ ኮሚቲ ይሕብር።

እዚ ሓድሽ መጥቃዕቲ፡ ኣብቲ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ሩስያ ብስለያ ዩክሬን ከም ዝተጻወደ ዝገለጸቶ - ህይወት ሓደ ጀነራል ዝለከመ መጥቃዕቲ ቦምባ ኣብ ዝተኻየደሉ ከባቢ እዩ ተፈጺሙ።

ይኹንምበር፡ ዩክሬን ንቕትለት ጀነራል ፋኒል ሳርቫሮቭ ኣመልኪታ ዝሃበቶ ሓበሬታ የለን።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልተኡ ፍንጀራታት ምትእስሳር ኣለዎ ደዩ የብሉን ዛጊት ዝተፈልጠ የለን።

ወዲ 56 ዓመት ሌተናል ጀነራል ሳርቫሮቭ፡ ሓላፊ ክፍሊ ስርሒታዊ ስልጠና ዕጡቓት ሓይልታት ሩስያ እዩ ነይሩ።

ሌተናል ጀነራል ሳርቫሮቭ፡ ኣብዚ ዓመት ኣብ ከተማ ሞስኮ ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ቦምባ ዝተቐትለ ሳልሳይ ወተሃደራዊ ብዓል ስልጣን ሩስያ እዩ።

## ታይላንድን ካምቦድያን ዝርርብ ከይጀመራ ሓድሽ ግጭት ተወሊዑ ተባሂሉ

ታይላንድን ካምቦድያን ድሕሪ'ቲ ኣብ ዶባተን ዘጋጠመ ዳሕረዋይ ግጭት፡ ጉዳየን ብዘተ ንምፍታሕ ዝሓለፈ ረቡዕ ናይ መጀመርታ ዝርርብ ክካየዳ ምዃነን ኣብ ዝተገልጸሉ፡ ዳግማይ ሓድሽ ግጭት ከም እተወልዐ ክልተኣን ሃገራት ጸብጺበን።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ታይላንድ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ኣብ ዶብት ክልተኣን ሃገራት ማለት፡ ኣብ ኣውራጃታት ታይላንድ ዝኾና ሲሳኬትን ሱሪንን ግጭት ከም ዝተራእየ፡ ሓይልታት ታይላንድ ንመጥቃዕቲ ሮኬት ካምቦድያ ብምዕፋዕ፡ ታንክን ሰብ ኣልቦ ነፈርትን ምላሽ ከም ዝሃብሉ፡ ማዕከናት ዜና ታይላንድ ሓቢረን።

ካምቦድያ ብወገና፡ ሓይልታት ታይላንድ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ሲቪላዊ መንበሪ ቦታ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸሙ ገሊጻ።

እዚ ዳሕረዋይ ግጭት፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ መንጎ እተን ሃገራት ኣብ ዝርከብ መሳገሪ ዶብ ጣን ፓካድ-ፓይሊን ርክብ ሰበ ስልጣን ምክልኻል ቅድሚ ምጅማሩ እዩ ተወሊዑ።

ድሕሪ'ቲ ግጭት ንምቁራጽ ዝተገብረ ዞባዊ ድፍኢት፡ ክልተኣን ሃገራት ዝሓለፈ ሰኑይ ኑቲ ዝርርብ ኣብ ውሽጢ እቲ ዝጸንሐ ክልተኣዊ ኮሚተ ዶብ ካምቦድያን ታይላንድን ሓፈሻዊ ሽማግለ ዶብን ክካየድ ከም እተሰማምዓ ይፍለጥ።

እዚ ዝርርብ፡ ልዕሊ 40 ሰባት ዝቐተለን ኣስታት ሓደ ሚልዮን ካብ ቤት ንብረቶም ዘመዛበለን ግጭት ብ7 ታሕሳስ ዳግማይ ካብ ዘውላዕ ንደሓር፡ ኣብ መንጎ ክልተኣን ሃገራት ዝካየድ ዘሎ ናይ መጀመርታ ምዃኑ ይሕበር።



## ኪዳን ሃገራት ሳሕል፡ ኣንጻር ዕጡቓት ጉጅለታት ክቃለሳ ወሲነን



ግዝያዊ ወተሃደራዊ መራሒ ቡርኪናፋሶ፡ ኣብ ዝቐጸሉ መዓልታት ኣንጻር ዕጡቓት ጉጅለታት ሰፊሕ ሓባራዊ ስርሒታት ከም ዝካየድ ኣፍሊጡ።

ካፕቴን ኢብራሂም ትራኦረ ዝ. ዝገለጾ፡ ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሰሉስ ዝተዛዘመ ሓባራዊ ዋዕላ 'ኪዳን ሃገራት ሳሕል' ኣቐሚን ዘለዋ ሃገራት ማለት ቡርኪና ፋሶ፡ ማሊን ኒጀርን ተረኺቡ ኣብ ዘሰመየ መደረ እዩ።

እዘን ሃገራት፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ምስ ኣልቃዒዳን ዳዒሽን ምትእስሳር ዝለዎም ዕጡቓት ጉጅለታት ዒላማ ዝገበረ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ሓይሊ ምቛመን ድማ ይፍለጥ።

መራሒ ናይ'ቲ ዞባዊ ኪዳን ካፕቴን ኢብራሂም ትራኦረ፡ በዘን ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ዕልዋ መንግስቲ ዝተፈጸመለንን ካብ ዞባዊ ቀጠባዊ ውድብ ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ) ዝወጻን ሰለስተ ሃገራት ተወጢኑ ዘሎ ሓባራዊ ስርሒት ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣይሃበን ዘሎ።

ይኹንምበር፡ ሰለስቲኦም መራሕቲ ኣብዚ ሰሙንዚ ኣብ ዘካየድዎ ዋዕላ፡ ጸጥታውን ቁጠባውን ርክቦም ከዕምቑ ቃል ከም ዝኣተዉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ወተሃደራውያን መራሕቲ ሰለስቲኤን ሃገራት፡ ንዝዊሕ እዋን መሻርኽቲ ጸጥታ ናይ'ተን ምዕራብ ኣፍሪቃውያን ሃገራት ንዝነበራ ፈረንሳን ኣመሪካን ከም ዝበረሩን ኣብ ክንድኡ ዞባዊ ልኡላውነት ንምስዃም ኣብ ዝጉዓዙዎ ዘለዉ ጻዕሪ ሩስያ ቀንዲ መሻርኽቲ ናይ'ተን ሃገራት ኮይና ከም ዘላ ይሕበር።

መራሒ ወተሃደራዊ መንግስቲ ኒጀር ጀነራል ዐመር ትቺያኒ ብወገኑ 'ኪዳን ሃገራት ሳሕል'፡ ንኹሉም ኣብ'ቲ ዞባ እግሮም ኣንቢሮም ዝጸንሑ ገበጥቲ ሓይልታት መውዓእታ ከም ዝገበረሎም፡ ኣብቲ ዋዕላ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ማሊ ጀነራል ኣሲሚ ጎይታ፡ "ንሃገራትና ዒላማ ዝገበረ ናይ ሓሶት ሓበሬታታት፡ ጎስጓሳትን ተጻብኦ ትረኻታትን ንምብዳህ ዘኽእለና ስትራተጂያዊ መሳርሒ" ክብል ዝገለጾ 'ኤይ.ኢ.ኤስ ቴሌቪዥን' ዝተባህለ ሓባራዊ ፈነወ በዘን ሰለስተ ሃገራት ተበጊሱ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

## ሚ/ጉ ወጻኢ ቱርኪ ምስ መራሕቲ ሓማስ ተራኺቦም ተባሂሉ



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቱርኪ ሃካን ፊዳን፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ምስ ሰበ ስልጣን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈት ሓማስ ኣብ ከተማ ኣንቃራ ብምርኻብ፡ ብዛዕባ ምቁራጽ ተኹሲ ወሸመጥ ቃዛን ኑቲ ስምምዕ ናብ ካልኣይ ምዕራፉ ንምስጓምን ኣመልኪቱ ከም ዝተዘራረቡ፡ ምንጨታት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቱርኪ ሓቢሮም።

እቶም ምንጨታት ከም ዘመልከትዎ፡ ሰበ ስልጣን ሓማስ፡ እቲ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ዝጠልቦም ካብራት ከም ዘማልኡ እኳ እንተ ገለጹ፡ እስራኤል ኑቲ ስምምዕ እናጥሓሰት ኣብ ልዕሊ ቃዛ ብቐጻሊ ትፍጽሞ ዘላ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲታት ግን እቲ ስምምዕ ናብ ዝቕጽል ምዕራፍ ንኸይሰጋገር ዝዓግት ምዃኑ ኣረዲኦም።

እቶም ኣባላት ሓማስ ብተወሳኺ፡ ናብ ቃዛ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዝ እኹል ከም ዘይኮነ ድሕሪ ምጥቃሱ ከም መድሃኒት፡ ናውቲ መንበሪ ኣብይትን ነዳዲን ዝኣመሰሉ መሰረታውያን ነገራት ከም ዘድልዩ ሓቢሮም - ብመሰረት እቶም ምንጨታት።

## ወከልቲ ኣመሪካን ዩክሬንን ኣብ ሓያሎ ጉዳያት ተሰማሚዖም

ኣመሪካን ዩክሬንን ኑቲ ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ዝቐጸለ ኩናት ዩክሬን ደው ንምባል ኣብ ዝዳለመ ሓያሎ ወሰንቲ ነጥብታት ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሓ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ሓቢሩ።

ይኹንምበር፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ዩክሬን ዝርከቡ ግዝኣታት መን ይቆጻጸሮም፡ ከምኡ'ውን ከኣ መደበር መመንጨዊ ኑክለስያዊ ጸዓት 'ዛፖሪዝዝያ' መን የመሓድሮ ኣብ ዝብሉ ሓያለ ተኣቀፍቲ ጉዳያት ግን ክሳብ ሕጂ ኣብ ስምምዕ ክበጽሓ ከም ዘይከኣላ፡ ፕረዚደንት ዩክሬን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ዘለንስኪ፡ ኣመሪካ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ፍሎሪዳ ድሕሪ ዝተኻየደ ዝርርብ ዝተበጽሐ 20 ነጥብታት ዝሓዘ ውጥን ሰላም ንወከልቲ ሩስያ ድሕሪ ምርኣያ እዩ ዚ. መግለጺ ሂቡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኣብ'ቲ ዝርርብ ኑቲ ብድንባስ ዝፍለጥ ከባቢታት ናይ ዶኔትስክን ሉሃንስክን ዝምልከት ክትዕ ከም እተኻየደ ሓቢሩ።

እቲ ዝኸበደ ነጥቢ፡ ናይ'ተን ግዝኣታት ሕቶ ምዃኑ ዝሓበረ እቲ ፕረዚደንት፡ እዚም ጉዳያት ብደረጃ መራሕቲ ክዝተየሎም ምዃኑ ኣረዲኡ።

ወከልቲ ኣመሪካን ዩክሬንን ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ከተማ ሚያሚ - ፍሎሪዳ ተራኺቦም ከም ዝዘተዩ ይፍለጥ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳሉል | 25/12/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ | 125266 |
| ፋርማሲ ካተድራል | | ጎደና ዶጎሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርማዮ ጥቃ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 127188 |
| ፋርማሲ ፍረ-ኣውሊዕ | | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services